# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.198 | ሓሙስ 18 ሚያዝያ 2024 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ልምዲ ንባብ - ብመንገዲ ዲጅታላዊ ምህዞ



ገጽ 3
ሕብረተ-ሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?

ገጽ 4
ሕጂ'ውን ሰላም እዩ መዝሙርና!



ገጽ 5
ሰኣን'ታ ጭራም ወረቐት



ገጽ 7
ስፖርታዊ ውድድራት እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ ይቕጽል




## ሚ/መሬት፡ ማይን ኣከባብን፡ ኣብ ከተማ ከረን ዓውደ-ዘተ ወዲቡ



ስእሊ - ተስፋሚካኤል ገብረስ

ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን፡ ብ15ን 16ን ሚያዝያ - ኣብ ኣገዳስነት፡ ሓቅታትን ብድሆታትን ሕጋጋትን ኣዋጃትን ኣከባቢ፡ ማይን መሬትን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ኣገዳስነትን ረብሓን ኣዳስተራዊ ምዝኾባ ዘተኩረ ዓውደዘተ ኣቓኒዑ፡፡

ኣብ መኽፈቲ ናይዚ ኣብ ከተማ ከረን ዝተቓነዐ ዓውደዘተ - ሚኒስተር መሬት፡ ማይን ኣከባብን ኣቶ ተስፋይ ገብረስላሴ፡ እቲ ዓውደዘተ፡ ኣብ ጸጋታት መሬት፡ ማይን ኣከባብን ዝጸንሐ ኣፍልጦ ብምዕባይ፡ ንዝበለጸን ዝሓሸን ስራሕ ክሕግዝ ዘለዎ እምነት ገሊጹ፡፡

ጸጋታት ግቡእ ምሕደራ ምስ ዘይግበረሎም፡ ከሉ ዝፋደድ ጸዕሪ ወጽኢታዊ ክኸውን ከምዘይክእል ጠቒሱ፡ ድሙ፡ ንኹሉ ብዘርብሕ መንገዲ ብኸመይ ኣብ ጥቕሚ ከምዝውዕል ንምዝታይ እቲ ዓውደዘተ ከምእተወደበ ገሊጹ፡፡

ብድሕሪዚ፡ ኣብ ዓውዱ መበርሂ ዝተዋህበ ክኸውን እንከሎ፡ ንመሬት ኣብ ዝምልከት - መንግስቲ ንልምዓት ዝደፍኡን ግርጭታት ዘወግዱን ኣዋጃት መሬት ብዘየገዝኡ ብምውጻእ ንቕሓት ሕብረተሰብ ንምብራኽ ክሰርሕ ከምዝጸንሐ በሪሁ፡፡

ዓመታዊ መጠን ዝናብ ብደረጃ ሃገር ክረአ እንከሎ፡ ካብ 100 ሚሊ-ሜትር ክሳብ 900 ሚሊ-ሜተር ከምዝበጽሕ፣ እዚ ብዝምጾአ ተመሓዲሩ ምስ ዝዕቀብ ከኣ - ንኹሉ ጠለባት ሃገር ዝምልስ ክኸውን ከምዝኽእል ተሓቢሩ፡፡

ኣከባቢ ኣብ ዝምልከት፡ ብሰንኪ ዘይግቡእ ኣጠቓቕማ - ዝተፈላለዩ ዓሌታት ኣእዋል፣ ጸለም ሰራው ካብ ኣግራብ፣ ጉዝዩ ባሕሪ ካብ ስምሪ . . . ዝርከብዎም ኣስታት 31 ዓሌታት ሓደጋ ምጽናት ኣንጸላልዩዎም ከምዘሎ ተገሊጹ፡፡

ተሳተፍቲ፡ መብቁዓውያን ኣዘርእቲ ንምዕቃብ ብዕቱብ ክስራሓሉ፣ ኣወጋግና ዝዘለኽ ባትሪ ጹሒያዊ ጸዓት ክሕሰብሉ፣ ኣብ ዘይሕጋዊ ንጥፈታት ዕደና ዝውዕል ከሚካላት ኣቓልቦ ክወሃቦ፣ ኣፍልጦ ሕብረተሰብ ኣብ ኣተሓሕዛን ምሕደራን ጉሓፋት ንምብራኽ ኣስተምህሮታት ብቐጻሊ ክውደብ . . . ዝብል ርእይቶታት ኣቕሪቦም፡፡

## ዓዲ-ኳላ - ን500 መማህራን ሰሚናር ተወዲቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ፡ ካብ መዋእለ-ህጻናት ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ንዝምህሩ 500 መማህራን፡ ተራ መምህር - ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ንምድንፋዕ ዝዕላማኡ ሰሚናር ተዋሂቡዎም፡፡

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር ተስፋይ ስብሃቱ፡ ብቐዓት ትምህርቲ ኣብ ንቕሓትን ተሳትፎን መላእ ሕብረተሰብ ብሓፈሻ፡ ኣብ ብቕዓትን ቅሩብነትን መማህራን ድማ ብፍላይ ከምዝምርኮስ ኣገንዚቡ፡፡

ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ ኣብ ብቕዓት ትምህርትን ወጽኢት ተመሃሮን ዓቢ ግደ ከምዘለዎ ብምጥቃስ ኩሉ ቈልዑ ብቕድመ-ትምህርቲ ክሓልፉ ከምዝየብኦ ኣስሚሩሉ፡፡

ብቕዓትን ዓቕምን መማህራን ዘበርኹ ስልጠናታት ብብደረጃኡ ምውዳብ - ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ዘለዎ ተራ ዝዛኽረ መምህር ተስፋይ፡ ስሉሳዊ ዝምድና ዘሐይሉ ተበግሶታት እውን ክድፍኣሉ'ም ኣዘኻኺሩ፡፡

ብኻልእ ወገኑ፡ ቤት-ጽሕፈት ሚኒስትሪ ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ማይምን ኣብ ምሕደራ ገንዘብን ንብረትን ንዘተጥፉ - ካብ መዋእለ-ህጻናት ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ካብ ዝርከብ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝተወከሉ ኣካላት ስልጠና ወዲቡ፡፡

ግዝያዊ ሓላፊ ናይ'ቲ ቤት-ጽሕፈት መምህር ባህታ ወልዳይ፡ እቲ ትምህርቲ ዕላማኡ - ኣብ ኩሉን ኣብያተ-ትምህርቲ ምዕሩይን ስሉጥን ኣተሓሕዛን ምሕደራን ገንዘብን ንብረትን ንምትእትታው ምዃኑ ገሊጹ፡፡

## ደ/ቀ/ባሕሪ - ኣብ ኣተገባብራ ወፍሪ ክታበት ተዘትዩ

ኣብ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ፡ ብ13 ሚያዝያ - ኣብ ኣተገባብራ ወፍሪ ክታበት ንፍዮን ሩብላን ምዕዳል ቫይታሚን 'ኤ'ን ኣብ ከተማ ዓሰብ ዘተ ተኻዪዱ፡፡

ሓላፊ ጨንፈር ጥዕና ኣቶ የማነ ጸጋይ፡ እቲ ዞባ ብዘለዎ ክሊማ፡ ጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣን ፋሕ ዝበለ ኣደኻኽሩና ዓድታትን ከምዚ ዝኣመሰለ ወፍሪ ንምትግባር በዓዲ እኳ እንተኸኑ፡ ሳላ ንቑሕ ተሳትፎ ህዝብን ልዑል ምድግጋፍ መሻርኽቲ ኣካላትን ከምዝዕወት - ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ንዝተተግበረ መደባት ብምጥቃስ ገሊጹ፡፡

ኣብ'ቲ ካብ 24 ክሳብ 28 ሚያዝያ ተመዲቡ ዘሎ ወፍሪ፡ ካብ 9 ኣዋርሕ ክሳብ 5 ዓመት ንዝዕድመኦም ኣስታት 11 ሽሕ ቈልዑ ክታበት ንፍዮን ሩብላን ክወሃቦ፣ ካብ 6 ኣዋርሕ ክሳብ 5 ዓመት ንዝዕድመኦም ኣስታት 12 ሽሕ ህጻናትን ቈልዑን ድማ ቫይታሚን 'ኤ' ከምዝዕደል ሓቢሩ፡፡

ኣብ ሚኒስትሪ ጥዕና ሓላፊ መደብ ክታበት ኣቶ ቴድሮስ የሕደጉ እቲ ክታበት ብኸልተ ኣገባብ ከምዝካየድ ጠቒሱ፡ ኣብ 36 ንኡሳን ዞባታት 1ይ ወይ 2ይ ክታበት ንዘይወሰዱ ብምልላይ ዝወሃብ ክኸውን እንከሎ፡ ኣብ'ተን ዝተረፋ 22 ንኡሳን ዞባታት ድማ፡ ንዝወሰዱን ዘይወሰዱን ብኣልማማ ከምዝወሃብ ኣረዲኡ፡፡

ኣመሓዳሪ ዞባ ኣምባሳደር መሓመድ-ሰዒድ ማንታይ፡ ንምዕዋቱ ኩሉን ኣካላት ክደጋፍኡን ዘሎ ጸጋታት ግቡእ ምቕርሑ ክዋሃሉን ኣዘኻኺሩ፡፡

## ናቕፋ - ነበርቲ፡ ታሪኻዊ ቅርሲታት ንምዕቃብ ይነጥፉ



ስእሊ - ኣርካይቭ

ኣብ ንኡስ ዞባ ናቕፋ - ነበርቲ ምምሕዳራት ከባቢ ሞዖን ከተማ ናቕፋን፡ ኣብ'ቲ ከባቢ ምስ ዝርከቡ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ብምትሕብባር፡ ታሪኻዊ ቦታታትን ቅርሲታትን ሓርነታዊ ቃልስና ንምዕቃብ ይነጥፉ ኣለው፡፡

"ቅያ ዝተፈጸመሉም ዕርድታትና፡ ሓወልቲ መንነትናን ታሪኽናን እዩም" ዝበሉ ኣብ'ቲ ስራሕ ዝኾተፉ ዘለው ነበርቲ፡ ደፋዓት ግንባር ናቕፋ ኣብ ምፍሻል ወራራትን ምዕቃብ ህይወት ተጋደልትን ዝበርሞ ኣበርክቶ ብምዝካር፡ ነቲ ቅርሲታት ንምዕቃብ ካብኦም ዝሕተት ኩሉ ከምዝገብሩ ኣረጋጊጾም፡፡

በቲ ኣብ ምጽጋንን ምህናጽን ካፍሊታት፡ ኣንደራትን ጃብሃታትን ዘተኩረ መደብ፡ ዛጊት ኣስታት 2.5 ኪሎሜተር ኣብ ደፋዓት መርከብና፡ ፈደል "ፐ"፡ ታባ ሰለሙን ፊርሒሎን ክጸግን እንከሎ፣ ናብ ታሪኻዊ ደፋዓት ፊርሒሎን ጸንጋግይ ግንባር ናቕፋን ዘእቱ ልዕሊ 30 ኪሎሜተር መስመራት ከምእተመሓየሸ ወከል ኤሪና ሓቢሩ፡፡

# ፍኖት

ዳህላክ ነጋሲ

## ልምዲ ንባብ - ብመንገዲ ዲጅታላዊ ምህዞ

*መጽሓፍ ርእሱ ዝኸኣለ ዓለም እዩ፡ ኣብ መጽሓፍ ዘይተወቕረ ፍጡር፡ ህላውነቱ ኣብዛ ምድሪ ዘጠራጥር እዩ፡ ረቂቕ ብልሒን መጸናንዕትን ዝሓለፎም ጸሓፍቲ፡ ህይወት ብዘይብሎም ቃላት ዝቖሙ ክንሶም፡ ካብ ዘይምህላው ህላውነት ይፈጥሩ። ኣብ ኣርሻ ኣብ ዝተሃዝዑ ዛንታታት ተወጢሕካ ደረት-ኣልቦ ኢድማስ ትድህስሱ ናብ ማዕሙቕ ሚየት ተሸሚምካ ኣብ ጸጋታቱ ትዕቆብ ተፍጥሮኣዊ ትዕድልታት ትፍትሽን ተድንቖን። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ጸሓፍ ንሕሉፍ ታሪኽ ደቂሱብ ምስ ህልው ኩነታት ብትሰገሩ ዘራኽብ እዩ።*

*ንባብ ካብ'ቶም ሳሕቲ እንፍጽሞም ተግባራት ሓሊፉ ናብ ልምዲ ንምስጋገሩ፡ ወልቀሰብ ይኹን መላእ ሕብረተሰብ ብዕቱብ ክጽዕረሉ ይግባእ። ንባብ ኣብ ዕቤት ወልቃዊ ባህርያትን ብልጽግና ሃገርን ልዑል ኣገዳስነት ኣለዎ። ልምዲ ንባብ ብዙሕ ጥቕምታት ዘጠመረ ኩይኑ ገለ ካብ ረብሓታቱ እዞም ዝስዕቡ እዮም፦*

ፈለማ፡ ኣብ ትምህርታዊ መዳይ ይኹን ካልእ መጸናንዕቲ ዘድልየም ኣርእስቲታት፡ ብዘይንባብ ክፍጸሞ ዝኽእል ዓወት የለን። ብቐንዱ፡ ተማሃሮ ልምዲ ንባብ ካብ ንኡስ ዕድሚኦም ምስኦም ክዓብዩ እንተኸኣሉ፡ እቲ ልምዲ ምስ ወሽጦም ስለዝወሃሃድ፡ መጻኢኦም እናሓደረ ክም ዝኸላዕ ዘጠራጥር እዩ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ምንባብ ኣብ እተፈላለዩ መዳይ ኣፍልጦ ንኽህልወናን መረዳእታና ንኽሰፍሕን ኣዝዩ ሓጋዚ እዩ። በዚ ምኽንያት፡ ኣኣብ ጽባሕ ኣተሓሳስባና እናዓሞቐን እናበሰለን ስለዝመጽእ፡ ውሳኔታትና ብስምዒት ዘይኮነ ብርትዓዊ መምዘኒታት ዝተማእከለ ይኸውን። ካልእ፡ መሳኖኽልት ህይወት ብጥበእ ፈሊጥና፡ ዓወት ብቐጥታ ዘይኮነ ድሕሪ ተደጋጋሚ ፈተነታት ወይ'ውን ድሕሪ ውድቀት ክፍጸም ከም ዝኽእል ብመገዲ ንባብ ክንመሃር ንኽእል። ከም ወጽኢቱ፡ ጌጋታትና ብምሉዓል ዝያዳ ተተባቢዕና ጉዕዞና ክንቅጽል የኽእለና።

ብዘይካ'ዚ፡ ምንባብ ንገጸ-ህይወት ብመንጽር ካልኦት ሰባት ክንዕዘብ ስለዘኽእለና፡ ኣጠማምታናን ርድኢትናን ከም ዝዓቢ ብምግባር፡ ንዘየብርበርናዮ ኩርናዕ ህይወት ዝያዳ ኣተኩሮ ክንህቦ ዝደፍእ እዩ። ስለ'ዚ፡ ንመምርሒ ህይወትና ብኣወንታዊ ኣተሓሳስባ ብምህናጽ፡ ምስ ገዛእ ርእስና ንኽንነላለን ወሽጣዊ ሰላም ዝሰፈነ ሕንጎስ ናብራ ንኽንመርሕን ይሕግዘ። ብተወሳኺ፡ ምንባብ ንዘይብጽሕናዮን ዘይዳህሰስናዮን ብስእሉ-ኣእምሮና ከም እንርእዮ ወይ ከምእንቕርጾ ብምግባር፡ ህንጡይነትና ብምዕባይ ንዘይተመለሱ ሕቶታት መፍትሒ ንኽንረኽበሉ፡ ዝያዳ ንኽንመራመርን ክንፈልጥን ዝድርኽ እዩ። ስለ'ዚ፡ ልምዲ ንባብ ድሕሪ ዝተወሰነ እዋን ዘይገድፍ ወይ ዘየቋርጽ ኩይኑ፡ እኳ'ድኣ ኣብቲ ዓለም ሓንሳእ ምስ እተጸንበርካ ንሓዋሩ ካብኡ ከይወጽእካ ዕምርካ ምሉእ ክትሓልፎ ትኽእል።

ኣብ ዕለታዊ ንጥፈታትካ ንባብ ካብ ተግባር ናብ ልምዲ ክሰጋገር ምስ ጀመረ፡ ሽውሃትካ ወይ ተሃንኻ ንምውጻእ ብዙሕ ጽሑፋት ክተንብብ ትግደድ። ቤት-ንባብ ዝተፈላለዩ መጽሓፍቲ፡ መጽሄታት፡ ጋዜጣታትን ካልእ ትሕዝቶን ኣብ ከርሱ ዝሓቖፈ ስፍራ እዩ። ቤት-ንባብ ዋሕዚ ፍልጠትን ሓበሬታን ዝመሓላለፈሉ ማዕከን እዩ። ኣብ'ዚ ዘለናዮ ዘመን ቴክኖሎጅን ሓበሬታን፡ ካብ ቅድሚ ሓያሎ ዓመታት ኣትሒዙ ኣገልግሎት ክህብ ዝጸንሐ ቀዋሚ ቤት-ንባብ ብእተፈላለዩ ኣገባብን መልክዕን እናተተክአ እናሰፈሐን እንዓበየን ይመጽእ ኣሎ። ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ ዓመታት ካብ ዝተኣታተዉ ዓይነታት ቤት-ንባብ - ዲጂታላዊ ቤት-ንባብ፡ ኣውቶማቲድ ቤት-ንባብ፡ ኤሌክትሮኒካዊ ቤት-ንባብን ሰብኣዊ ቤት-ንባብን (HUMAN LIBRARY) ክጥቀሱ ይኽእሉ። ጽሑፍና ኣብ ዲጂታላዊ ቤት-ንባብ ዘተኮረ'ኳ እንተኾነ፡ ካብ'ቶም ኣቓዲሞም ኣብ ኣገልግሎት ዝጸንሑ ኣብያተ-ንባብ ብዝተፈለየ መልክዕ ናብ ተገልገልቲ ቀሪቡ ኣብ ዘሎ ሰብኣዊ ቤት-ንባብ ብቑዳሞት ክንምልከት ኢና።


ሰብኣዊ ቤት-ንባብ፡ ኣብ 2000 ዓም 'ሮኒ ኣበርገል' ብዝተባህለ ወልቀሰብ ኣብ ሃገረ ዴንማርክ ጀሚሩ። ኣብቲ ቤት-ንባብ ዝመጽኡ ተገልገልቲ መጽሓፍ ወይ ዝኾነ ዓይነት ጽሑፍ ዘይኮነ ዘንብቡ፡ ኣብ ክንዳኡ ካብ ዝተፈለለዩ ቦታታት ዝመጽኡ ሰባት ን30 ደቒቕ ዝኣክል ብዛዕባ ታሪኽ ህይወቶም የውግዑ። ስለ'ዚ፡ ኣንበብቲ ምዕራፋት ኳኽሎም ዘይኮኑ፡ ተሞኩሮ ካልኦት ብምስማዕ ኣፍልጦኦም ንምዕባይ ናብቲ ቦታ ይውሕዙ። ኣብ ሰብኣዊ ቤት-ንባብ ዛንታኦም ክጸውዩ ዝመጽኡ ሰባት ኣብ እተፈላለየ ደረጃ መነባብሮ ዝርከቡ ኩይኖም፡ ተሞኩሮኦም ቅድሚ ምክፋሎም ከምዘለኦዎ ዝሕተቱ ቅጥዕታት ኣለዉ። ዝሓለፍዎ ብድሆታት ብምፍላጥ፡ ንሶም ሰባት ብደጋዊ ትርኢቶም ቅድሚ ምፍራድካ ወይ ምውቃስካ፡ ብቐረባ ኩነታቶም ክትርድኦ ዝሕግዝ ቤት-ንባብ እዩ። በዚ እምበኣር፡ ካብ ውልቃዊ ተመኩሮኦም ብዙሕ ጠቓሚ ምህሮ ክትቀስም ትኽእል። እዚ ዓይነት ቤት-ንባብ፡ ኣብ ብዙሕ ቦታታት ኣገልግሎት እናሃበ ይመጽእ ከም ዘሎ ይንገር።

ኣብ'ዚ እዋን ዕለታዊ መነባብሮ ደቂ-ሰብ፡ ኣብ ሓደ ምዕራፍ ዘይቀወም ብቐጻሊ ምስ ሓደሽ ርኽበታትን ምህዞታትን እናተሓዝነበ ይስጉም ኣሎ። ዲጂታላዊ ቤት-ንባብ ድማ፡ ወጽኢት ናይ'ዚ ዘመናዊ ምህዞ እዩ። እቲ ዓይነት ቤት-ንባብ ኣብ ውሱን ደረጃ ዕቤት ምስ በጽሐ ዘየቋርጽ ብምኳኑ፡ ኢድላይነቱ ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ዓለም እናሰፍሐ ይመጽእ ኣሎ። ምኽንያቱ እቲ ኣገልግሎት ምስ ብቑጻሊ ዝፈሪ ኤሌክትሮኒካዊ መሳርሒታት ተሳኒዩ ወይ ተሓጣጢሙ ክሰርሕ ስለዘኽእል። ከም'ኡ'ውን ተገልገልቲ ኣብ ክንዲ ናብ ቀዋሚ ቤት-ንባብ ንምኻድ ብዙሕ ዝሸልኩ፡ ብዘውንንዎ ኤሌክትሮኒካዊ መሳርሒ ኣብሎም ብቐሊሉ ክጥቀሙሉ ዝዕድም ብምኻኑ ኣገልግሎቱ እናሰፍሐ ይመጽእ ኣሎ።

ዲጂታላዊ ቤት-ንባብ ንተገልገልቲ ብስልጡንን ቅልጡፍን ኣገባብ ኣገልግሎት ዝህብ እዩ። ምናልባት ቀዋሚ ቤት-ንባብ ብሰንኪ እኹል ትሕተ-ቅርጺ ክዋደደሉ ዘይምኽኣሉን ድሩት ወሽጣዊ ዓቕምን፡ ዝሓቖፎ መጠን ጽሑፋት ወሰን ክኸውን ይኽእል እዩ። ብኣንጻሩ፡ ዲጂታላዊ ቤት-ንባብ ኣብ እተወሰነ ኤሌክትሮኒካዊ ኣቕሓ ብምግልጋል ዝቐጸረ ጽሑፋት ክኽዘን ይኽእል እዩ።

ኣገልግሎት ዲጂታላዊ ቤት-ንባብ ዶብ ዘይጋርዶ ሰፊሕ ዝርግሐ ዝሸፍን እዩ። ኣብ ዝኾነ ኩርናዕ ናይ ዓለም ኣገልግሎት ኢንተርነት ኣብ ዝተዋደደሉ ስፍራ ዝርከብ ተገልጋላይ፡ ዝመረጾ ኣርእስቲ ብምልዓል ኣብ ውሽጢ ውሑድ ደቓይቕ ብዙሕ ገጻት ክፍትሽ ይኽእል። ኣብ ቀዋሚ ቤት-ንባብ ንምግልጋል ግን ብቑዳምነት ናብቲ ቦታ ብኣካል ምግዓዝ የድሊ። ብተወሳኺ፡ ዲጂታላዊ ቤት-ንባብ ብዘይገደብ ግዜ ኣገልግሎት ይህብ። እዚ ኣገልግሎት ወሰን ሰዓታት ስራሕ ስለዘይብሉ፡ ተገልገልቲ ኣብ ዝመረጽዎ ግዜ ብዘይገደብ ክንብቡ ይኽእሉ። ከም ወጽኢቱ ኣንበብቲ ኣብ ሓጺር ግዜ ልምዲ ንባብ ክጥርዩ ይሕግዞ። ብኣንጻሩ፡ ኣብ ቀዋሚ ቤት-ንባብ ዝግልገሉ ሰባት፡ ብዘይካ'ቲ ናብኡ ንምብጻሕ ዘጠፍእዎ ጸዓትን ግዜን፡ ብገደብ ግዜ ተቐይዶም ንኽንግዙ ይግደዱ። ብፍላይ፡ ካብ ርሑቕ ከባቢታትን ገጠራትን ዝርከቡ ተማሃሮ፡ ከም ባህታኦም መጽሓፍቲ ክረኽቡ ይሸገሩ እዮም።

ዲጂታላዊ ቤት-ንባብ፡ ተገልገልቲ ብቐሊሉ ሓበሬታ ክረኽቡ ዝሕግዝ ብምኳኑ፡ እዚ ካብ ተጠቃሲ ጥቕምታቱ ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣንበብቲ ዝደለዩዎ ኣርእስቲ፡ ብስም፡ ቁጽሪን ካልእ መለለይን ብምጽሓፍ፡ ኣብ ውሽጢ ውሑዳት ካልኢታት ዝርዝር ትሕዝቶ ብቐሊሉ ክቐርበሎም ይኽእል። ስለ'ዚ፡ ተገልገልቲ ኩፍ ካብ ዝበልዎ ከይተንስኡ፡ ብዛዕባ ብዙሕ ኣርእስቲታት ማእለያ ዘይብሉ ሓበሬታ ይሓፍሱ። ብዘይካ'ዚ፡ ዲጂታላዊ ቤት-ንባብ ኣቓዲሙ ኣብ ኣገልግሎት ንዝጸንሐ ቤት-ንባብ ዝያዳ ክቡር ወይ ግርማ ዝህብ እዩ። ብፍላይ ብጽሑፍ ተሰኒዱ ንዝጸንሐ ኣሳእል ዝያዳ ጽባቐ የልብሶ። እቲ ብመንገዲ እተፈላለየ ቴክኖሎጂ ዝቐርብ ስእላዊ መግለጺ ብሕብራዊ ኣገባብ ዝተዳለወ እንተኾይኑ ኣጸቢቑ ስለዘኽሉ ዝያዳ ስሒቡት ይህልዎ። እዚ ብዘመናዊ ምህዞታት ተሰኒዱ ዝተዳለወ ቤት-ንባብ እዚ፡ ነቲ ኣቓዲሙ ኣብ ኣገልግሎት ዝጸንሐ ዝወዓየር ኩይኑ ኣሎ። እዞም ቀጺልና እንምልከቶም ኣርባዕተ ነጥብታት እምበኣር፡ ንኣወንታዊ ብልጫታት እዚ ኣገልግሎት ዝገልጹ እዮም፦



### 1. ብዙሕ ብልጫታት ይሓቁፍ

ዲጂታላዊ ቤት-ንባብ ብኣሃዝ መዓርግ፡ ዘይብሉ ትሕዝቶታት ዘጠመረ ኩይኑ፡ ኣንበብቲ ብቐሊሉ ዝደለይዎ መጽሓፍ ወይ ኣርእስቲ ክረኽቡ ይኽእሉ። ብፍላይ ተማሃሮ ብመንገዲ'ዚ ኣገልግሎት ትምህርታዊ ትሕዝቶ ዘለዎ ጽሑፋት ስለዝዋደደሎም፡ ፍልጠቶም ንኽሰፍሕ ዝዕድም ኣገዳሲ ምህዞ እዩ።

### 2. ንዝመጽኡ ወለዶታት ውርሻ ይገድፍ

ኣገዳሲ ርኽበታት፡ ምህዞታት፡ ምርምርን ሓበሬታን ኣብ ዲጂታላዊ ቤት-ንባብ እንተ ተሰኒዱ፡ ካብ ምብልሻውን ምጥፋእን ናጻ ስለዝኸውን ንሓደጋ ዝተቓለዐ ኣይኩነን። ስለዚ፡ ብመንጽር ዕቃብ ክንዕዘቦ እንከሎና ንዝመጽኡ ወለዶታት ከም ቅርሲ ኩይኑ ከገልግል ይኽእል።


### 3. ንትምህርታዊ መዳይ ይሕግዝ

ጥጡሕ ባይታ ኣገልግሎት ኢንተርነት እንተደኣ ተዋዲዱ፡ ብመገዲ እተፈላለየ መሳርሒታት ቴክኖሎጂ ዲጂታላዊ ቤት-ንባብ ናብ ኩሉ ኩርናዕ ዓለም ክበጽሕ ይኽእል። ነቲ ቤት-ንባብ ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብ ክግልገሉ ዝኽእል እኳ እንተኾኑ፡ ብፍላይ ተማሃሮ ዘውንንዎ ኤሌክትሮኒካዊ መሳርሒታት ኣብ ክንዲ ዝተፈላለየ ዓይነት ገየም ንምጽዋት ዝጥቀምሉ፡ ፍልጠት ኣብ ምኽዕባት እንተዘውዕልዎ ዝያዳ ጠቓሚ ምኾነ ነይሩ። ኣብዚ እዋን ብፍላይ እቶም ኣብ ከተማን ሓወሲ ከተማን ዝነብሩ ተማሃሮ፡ ሞባይል ብውልቅን ብጉጅለን ሒዞም፡ ዘይምለስ ግዜኦምን ዕድሎምን ብዘመጽኦ ውሕጅ ቴክኖሎጂ ተለኪሞም ከይጠፍእ ዘሰግእ እዩ። ስለ'ዚ፡ ተማሃሮ ኣብ ክንዲ ኣብ ምዝንጋዕ ኣብ ትምህርቲ ምእንቲ ከተኩሩ፡ ዲጂታላዊ ቤት ንባብ ክግልገሉ ይምከሩ።

### 4. ዝተደልዩ ኣርእስቲ ብቐሊሉ ንኽርከብ ይሕግዝ

ኣብ ዲጂታላዊ ቤት-ንባብ፡ ኣንበብቲ ነቲ ዝመረጽዎ ኣርእስቲ ብኤሌክትሮኒካዊ መሳርሒ ተሓጊዞም ብቐሊሉ ክረኽብዎ ይኽእሉ። እቲ ዝበዝሐ ትሕዝቶ ክሰፍሕ እንከሎ፡ ጎድኒ-ጎድኑ ናይ ኣጠቓቕማ ቴክኒክ ይምዕብል። ከም ወጽኢቱ ድሌት ተጠቀምቲ ስለዝዓቢ፡ እቲ መተግበሪ'ውን ክሰፍሕ ዝደርኽ እዩ። ንተገልገልቲ ድማ ምስ ምዕቡል ኣጠቓቕማን ፍርያት ቴክኖሎጅን ክሰጉሙ ዝዕድም እዩ።

ዲጂታላዊ ቤት-ንባብ ብእተፈላለየ መልክዕ ዝተዳለወ መጽሓፍቲ፡ ከም'ኡ'ውን ብድምጺን ተንቀሳቓሲ ስእልን ዝተቐርጹ ጽሑፋት ይሓቁፍ። ኣገልግሎት ዲጂታላዊ ቤት-ንባብ ፈለማ ክዋደድ እንከሎ ብዙሕ ባጀትን ሰብኣዊ-ዓቕምን ዝሓትት እኳ እንተኾኑ፡ እቲ እወታዊ ሸነኹ ግን ይዓዝዝ። ኣብ ሃገርና ኣብ 2008 ዝተመስረተ ዲጂታላዊ ቤት-ንባብ ሮራ፡ ኣገልግሎቱ እናሰፍሐን እናዓበየን ይመጽእ ብምህላው፡ ኣብ'ዚ እዋን እቲ ቤት-ንባብ ኣብ ኩለን ዞባታት ኣብ 35 ኣብያተ-ትምህርቲ ተዘርጊሑ ይርከብ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ብዙሓት ኣብያተ-ትምህርቲ፡ መንግስታውያን ትካላትን ሓይልታት ምክልኻልን ትምህርታዊ ትሕዝቶ ዘለዎ ጽሑፋት ዘርጊሑ ከም ዝርከብ ይፍለጥ።



## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቤተልሄም ታደሰ
ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቊስ 125013 - ቊሳጶ 1284

# ሓሳባት

## ሕብረተ-ሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?

<u>ሲራክ ክፍለ</u>

*ክቡራት ኣንበብቲ ኣብ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ሕታምና፡ እታ ብሲራክ ክፍለ እተዳለወት “ሕብረተሰብ ካበይ ናበይ ብኸመይ?” ዘርእስታ መጽሓፍ ተሓቲማ ናብ ኣንበብቲ ቅድሚ ምዝርግሓ፡ ኣብ ዓምዲ “ሓሳባት” ኣብ 61 ክፋላት (ምስ መእተዊ ጽሑፉ) መቓቒልና ኣቕሪብናልኩም ነይርና። ካብዚ ሕታምዚእ ጀሚርና ድማ፡ 2ይ ቅጺ መጽሓፍ “ሕብረተሰብ ካበይ ናበይ ብኸመይ?” ብተኸታታሊ ከቕርበልኩም ኢና።*

***

### ማሕበረ-ሰብ

ኣብ 2018 “ኣብቲ ኖርወይ ዝጸሓፉቶ ምዕባለ ንምብጻሕ” ብዝብል ኣርእስቲ ኣብ ዝጸሓፍክዎ መጽሓፍ፡ ኣብ ሰላሳት ኑብሰይ ከም ዝጥንዲና ይገልጻ ነይረ፡ ኣብ መጀመርታ ሰብዓታት ኣዝማሪና፡ ኣብ መፋርቕ ሰብዓታትን ድሕሪኡን ከም ኤርትራዊን ክጽኡኡን ማለት ኤርትራዊ-ኖርወጃዊ፡ ኣፍሪቃዊ፡ ሰብ - ግን ንምንታይ? ክብል'የ ጽሒፈይ ጀሚረ።

ሱማሕበረሰብ፡ እዚን ክጽኡኡን ዘሎ ሕቶታት መንነት ብኸመይ ይግለጽ? ማሕበረሰብ እንታይ እዩ? ዝምድና ውልቀሰባትን ማሕበረሰብን ዝኢ ዝጠምርን ዝከኦን ደንቢ (Rule) እንታይ እዩ? ማሕበራዊ-ውዳብ ከመይ ይመስል? ማሕበራዊ-ኣጉዛብ እንታይ እዩ? ግርጭታት ማሕበረሰብ እንታይ እየም - ብኸመይ'ከ ይፍትሑ? ወዘተ. ብሰፊሑ ዝምርምርን ንምዕባለ ዝሕግዙ ሓሳባት ዘቕርብን ማሕበራዊ ሰነፍልጠት እዩ።

ነፍሲ-ወከፍ ማሕበረሰብ፡ ካብ ጥንቲ ጀሚሩ፡ ንማሕበራዊ-ህይወት፡ ማሕበራዊ-ጥምረት፡ ማሕበራዊ-ደንቢ ዝምልከቱ ሓሳባት፡ ትካላት፡ ተግባራት ነይሮሞ እዮ። ንኣብነት ኣብ ናይ ሎሚ ኤርትራ ካብ ቅድሚ 500 ዓመት ጀሚሩ በጠኸበሉ ማሕበራዊ ደንቢ ዝገልጽ ሱድ ሕግታት- እንዳ ከምዝነበሮ ይፍለጥ። ኣብ ኣፍሪቃን ካልእ ከበቢታት ዓለምን ዝነብሩ ህዝበታት'ውን ንወሰን ከበቢ ዝከኦ ሱድን ዘይሱድን ሕጊታት ነይሮሞም እዮም። ኣብ መወዳእታ 19 ክፍለዘመን፡ ኤውሮጳውያን ንኣፍሪቃ፡ እስያን ኣመሪካን ምስ ወረሩወን ግን፡ እቲ ዝቕጭጭሕ ዝበረ ንቕሓትን ግሲጋሶኡን ተቛጽዩ። ብኣንጻሩ ካብ መፋርቕ 19 ክፍለዘመን ጀሚሩ፡ ማሕበራዊሰነፍልጠት ኣብ ኤውሮጳን ሰሜን ኣመሪካን ኣሰፋሕፊሑ። በዚ ምኽንያት ከኣ ኣብ ዘመንና እንወከሶ ሓሳባት ይኹን ትካላት ብዛዕባ ሱማሕበረሰብ ዳርጋ ብምሉኡ ብኤውሮጳውያንን ኣመሪካውያንን ዝማዕበለ እዩ።

ከምቲ የማናዊን ጸጋማዊን ፖለቲካዊ ሱ-ሓሳብ ዘሎ፡ ሱማሕበረሰብ'ውን ዓቃባውን ለበራልን ተባሂሉ ዝግለጽ ዝምጣሉታት ኣለዎ።

እዚ መጽሓፍ'ዚ፡ ቀንዲ ዕላማኡ ብዛዕባ ሱማሕበረሰብ ዓሚቕ ትንታነ ምሃብ ኣይኮነን። የጉዳስ ማሰረታዊ መረዳእታ ሱማሕበረሰብ ምቕራብ፡ ናብቲ ቀንዲ ሕመረት ናይቲ መጽሓፍ መእተዊ ክኾና ይኽእል እዩ። ንጽሑፍና ዘሁብትም ኣምራትን ሓሳባትን ካብ ካልኦት ምልቃሕ፡ ምንጩ ካብ ምዕራብ ደዩ ምብራቕ ብዙሕ ኣጉዳሲ ኣይኮነን። እቲ ቀንዲ ኣጉዳሲ፡ እቲ ሓሳባት ምስ ኩነታት ሕብረተሰብና ብዝዛመድ መገዲ ምቕራብ እዩ። ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ፡ ምንጪ ክገለጽ እኳ እንተኾነ፡ ዝርዝር መወከሲ ሱዳት፡ ኣብ ጋዜጣ ምቕራብ ስለዘጸግም፡ ኣብ መጨረሻ ናይታ እትሕተም መጽሓፍ ክቐርብ እዩ።

ከሎምኺ እንተዘይተባህለ፡ ካብ ጥንቲ ክሳብ 18-19 ሓ.ዘ. ንሱማሕበረሰብ ኣመልኪቶም ብምዕራባውያን ዝተኻየዱ መጽናዕቲታን ዝቐረቡ ትንታኔታትን ዝጠዘሉ ብቐጥታ ወይ ብዘተዋዋሪ ካብ ትምህርቲ እምነት ዝብገሱ እየም። ንማሕበራዊ-ህይወትን ማሕበራዊ-ዝምድናታትን ማሕበራዊ ደንቢን ብቐንዱ ብሃይማኖታዊ መልክዕ እየም ዝርእይዎን ዝገልጽዎን። እቲ ምዕራባዊ-ክብረታት (ይሁዳዊ-ክርስትያናዊ ልምድታት) ዝብልዎ ድማ፡ ኣብ ጽሑፋት ሱማሕበረሰብ ዓቢ ተራ ነይሩዎ። ኣብዚ ዘለናዮ መዋእል፡ ክኢላታት ሱማሕበረሰብ ከም መበገሲ ዝወስድዎ ትምህርቲ እምነት ኣይኮነን፡ ሳይንሲ፡ ፍልስፍና ወይ ሞራል እዩ። ኣብ ኩሉ ግን ኣሰር ትምህርቲ ሃይማኖት ዓቢ ጽልዋ ኣለዎ። ክሳብ መወዳእታ 20 ክፍለ ዘመን (መወዳእታ 1980ታት) ሱማሕበረሰብን ማሕበራዊ ጽሑፋትን ብቐንዱ ናይ ክኢላታትን ምሁራትን ዓውዲ ኮይኑ ዕምቈትን ስፍሓትን ዝበርዩ፡ ድሕሪ ምፍራስ ማሕበራዊ-ስርዓት ኣብ ምብራቕ ኤውሮጳ ግን፡ ሱማሕበረሰብ ብጋዜጠኛታት፡ ኣክቲቪስት፡ ፖለቲከኛታትን ውልቀሰባትን ተዓቢሉ ትሕዝቶኡ ጸበቡ ጥራይ ዘይኮነስ ዕምቈት'ውን ኣጥፊኡ እዩ። ሰፊሕ ተሳታፍነት ሰባት ኣድላዩን ጽቡቕን እኳ እንተኾነ፡ ኣብዚ ዘለናዮ ዘርከበ ተንታኒ ዝኾኑ መዋእል ኢንተርኔት ግን ዝቐርብ መግለጺታት ጥንቃቐን መመዘን ዝሓትት'ዩ።

ማሕበረሰባት ዓለምና ብዙሕ ተመሳሳልነት ከምዘለዎም ኣይሰሓትን። ይኹን'ምበር ነፍሲ-ወከፍ ማሕበረሰብ ናይ ገዛእርእሱ ታሪኽን ባህርይን ኣለዎ። ስለዚ፡ ምዕራባውያን ዝጽሓፍዎ ማሕበረሰባዊ ጉዳያት ከምዘለዎ ቀዲሕካ ኣብ ካልእ ማሕበረሰብ ክትጥቀመሉ ልክዕ ኣይኮነን። እቲ ምንታይሲ፥

1. ምዕራባውያን ዘቕርብዎ ሓሳብ፡ “ስርዓት-ሕብረተሰብ/መንግስቲ፡ ንፍሉይ መድረኽን ከባቢን ዝምልከት ብምዃኑ፤
2. ዓቃባውያን ምዕራባውያን በቲ “ምዕራባዊ-ስልጣኔ” ወይ “ምዕራባዊ-ልምድታት” ዝብልዎ ዝተጸልዉ ብምዃኖም፤
3. ለበራል ምዕራባውያን ዝጽሕፍዎ ኣብ “ውልቀ-ሰብ” ዝዘዘወ ስለዝኾነ፤
4. ጸጋማውያን ዝጽሕፍዎ ብቐንዱ ኣብ “ደርባዊ-ቃልሲ” ዝምርኩስ ብምዃኑ፤
5. ጽልዋ ዘመነ መራኸቢ-ብዙሓንን ኣክቲቪስትን ታሪኽ፡ ድልየት/ትጽቢት፡ ረብሓ ኣፍሪቃውያን ኣብ ግምት ስለዘይኣተወ፤
6. ቋንቋን ልምድን ክብረታትን ማሕበራዊ-ጉጅለታት ኣፍሪቃ ብግቡእ ስለ ዘይርድእዎ፤
7. ብዙሓት ኣፍሪቃውያን ምሁራት ሱማሕበረሰብ፡ እቲ ብተመክሮ ምዕራብ ዝተሃንጸ ትምህርቶም፡ ከም ዘለዎ ኣብ ኩነታት ማሕበረሰባት ኣፍሪቃ ክጥቀምሉ ስለዝፍትኑ፤
8. ይውሓዱ ይብዝሑ ብዝገደሰ፡ ንፖለቲካዊ ይኹን ቁጠባዊ ረብሓ ክብሉ፡ ደይ መደይ ኢሎም ሱዕ ጸብጻባት ስለዘቕርቡ፤
9. ንማሕበረሰባት 1ይ ዓለም፡ 2ይ ዓለም፡ 3ይ ዓለም ብዝብል መቀነናዊ መንገዲ ስለዘርእዩዎም፤
10. ኣጉዳስነት ግዜንቡታን ስለዘዘነጋዑ፤
11. ጽልዋን ተራን ዓለምለኻውነትን ደረጃ ምዕባለን ብልክዕ ኣብ ግምት ስለዘይኣተወ፤
12. መንነት ብኣዕሊ ላዕሊ ስለዝገለጹ፤

በዚን ከምዚን ኩነታት ሕብረተሰብ ኣብ ግምት ዘእቱ ማሕበረሰባዊ መጽናዕትን ጽሑፋትን ኣጉዳስነቱ ልዑል እዩ። ሰፊሕን ዓሚቕን መጽናዕቲ ነየም ንኣፍሪቃን ኤርትራን ብቐረባ ዝፈልጡ ሞያውያን ዝገደፍ ኮይኑ፡ ኣብዚ መጽሓፍ'ዚ ብመጠኑ ዝኢ ዝቐረበ ኣምራትን ሓሳባትን ብሓጺር ድሕሪ ምብራሁ፡ 1) ማሕበራዊ ደምበ 2) ማሕበራዊ ኣጉዛብ 3) ማሕበራዊ ውዳበ 4) ማሕበራዊ ግርጭት 6) ማሕበራዊ ምምዕራይ ዝብሉ ሓሳባት፡ ትካላት፡ ተግባራት ብዝተዋገደኑት ኣፍሪቃ ብፍላይ ከኣ ኤርትራ ብስፍሕ ዝበለ መልክዑ ክገንለጹ ክንፍትን ኢና።

## ማሕበራዊ ኣምራትን ሓሳባትን

ክሳብ መወዳእታ 18 ክፍለ ዘመን፡ ኣብ ኤውሮጳ ምንጪ ሓሳባት ብቐንዱ ካብ ትምህርቲ-እምነት ዝብገስ እዩ ነይሩ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ኣብ ዓለም ዘሎ ኩሉ ፍጡር - ሰብ፡ እንስሳ፡ ተኽሊ - ብናይ ፈጣሪ ትእዛዝ መደብ (Order) ዝተሰርዐሉ ኮይኑ፡ ትዕድልቲ ክቕበል ኣለዎ ብዝብል እምነታዊ-ሓሳብ እዩ ዝመርሕ ነይሩ። በዚ ድማ ሕብረተሰብ ኣብ ሰለስተ መደብ– 1) እምነት (Clergy) 2) ጎይቶት (Noblity) 3) ሓፋሽ (Third Estate) ተባሂሉ ብምክፍፋል ኩሉ መደብ ከምዝፈልጥን መደብ ከምዝቕበልን ይግበር ነይሩ።

እቲ ቀዳማይ መደብ ማለት “እምነት” ንጳጳስ፡ ኣቐሸሽቲ፡ ኣገልገልቲ ቤተ ክርስትያን የጠቓልል። እቲ ካልኣይ መደብ “ጎይቶት”፡ ነገሥቲ፡ ልዑላት (Prince)፡ ራእሲታትን መኳንንትን የጠቓልል። እቲ ሳልሳይ መደብ “ሓፋሽ”፡ ሃብታምን ድኻን ከይፈለየ ኩሉ እምነታዊ ወይ ጎይታዊ ትውልዲ ዘይብሉ፡ ነጋዳይ፡ ምሁር፡ ሓረስታይ፡ ዓዳይ፡ ሰራሕተኛን ካልእ ኣገልጋሊን ዘጠቓልል ነበረ።

ኣብ 18 ክፍለ ዘመን፡ ኣብዚ መዋእል ዘሸደ ኣመዳድባ ንምቕያር ብዙሕ ቃልሲ ተኻይዱ። ኣብ ኤውሮጳ ብፍላይ እቲ ብሰውራ-ፈረንሳ (1789) ዝፍለጥ ናይ ሓፋሽ ምንቅስቓስ ነቲ ዝበረ ስርዓት ኣፍረሶ። ሰውራ ፈረንሳ ብቐንዱ ብኽብሪ ዋጋ መጉዝብን ጥሜትን ዝተለዓለ ኮይኑ፡ ዝመርሕዎ ዝበሩ ግን ሳልሶት ቀጸላ እቲ ሳልሳይ መደብ እየም ነይሮም (ሳልሰዋይ ቀጸላ ሳልሳይ መደብ ማለት፡ ጠበቓታት፡ መማህራን፡ ምሁራት፡ ሃብታማት ነጋዶ የጠቓልል)። ናይ ሓፋሽ ህዝቢ ጠለብ ብቐንዱ ኣብ ምምሕያሽ መነባብሮ ዝተኸረ ኮይኑ፡ እቶም መራሕቲ ናይቲ “ሳልሳይ መደብ” ቀንዲ ጠንቂ ሽግር መነባብሮ ኣብ እምነት ዝምርኩስ ስርዓት እዩ ኢሉ ከይፈረሰ ራህዋን ምዕባለን የለን፡ መፍትሒ ኣብ ሳይንስ ዝምርኩስ ስርዓት እዩ ብምባል መጐቱ። እቲ ኣብ እምነት ዝምርኩስ መረዳእታ ሱማሕበረሰብ፡ ብሳይንሳዊ መገዲ ንኽትትክእ ድማ ብዙሕ ሓሳባት ኣቕሪቦም፡ ብዙሕ ጽሑፋት ከኣ ሓቲሞም።

መራሕቲ ሰውራ ፈረንሳ፡ “ኩሉ ፍጡር ብመንፈሳዊ ሓይሊ ዝተዋህቦ ኸቱ መደብ ኣለዎ” ንዝብል ሓሳብ ዝጻረር፡ “ንማሕበረሰብ ዘቖምዎ ሰባት ባዕሎም እዮም፡ ምድብ ሰባት ብፈጣሪ ዘይኮነስ ብሕብረተሰብ እዩ ዝውሰን” ዝብል፡ ነቲ ግዜ ኣዝዩ ሓድሽ ፍልስፍና ኣምጺኦም። ኣብ ኢ-ሳይንሳዊ ዘይጭባጥን ዘይረኣን ‘ትእዛዝ’ ፈጣሪ ካብ ምምርኳስ ኣብ ሳይንሳዊ ሓቅን ጭብጥን ርኢይ ኩነታት ሕብረተሰብን ምምርኳስ ይሓይሽ ኢሎም መጉቱ። ሳይንሳዊ ሓቂ ከኣ ውልቃውነት፡ ተጸማምነት፡ ማዕርነት፡ ምትሕግጋዝን ደሞክራሲን እዩ ማሰረቱ ኢሎም ምሂሮም። ኣብ መንነ እቶም ለውጢ ዝጠለቡ፡ ኣብ መንጎኦም ለውጢ ዝቃወሙን ድማ ብዙሕ ናይ ሓሳብ (መትከል) ቃልስን ደማዊ ግጭትን ተኻይዱ።

ድሕሪ መሪር ቃልሲ ሰውራ ፈረንሳ ኣብ 1789፡ ሳልሳይ መደብ ዝቖጻጸሮ ባይቶ (ፓርላማ ፈረንሳ) ብምቛም ጀሚሩ፡ ብዙሕ ሰር በዶኽ ለውጢታት ኣብ ሓጺር ግዜ ኣተኣታትዩ። ነቲ ለውጢ ንምቕጻይ ዝተገበረ ወሻጣውን ግዳማውን ምትእትታው ከኣ ንፈረንሳ ናብ ዝኸፈ ጥምየትን ህልቂትን ኣምሪሕዋ። ሰውራ ፈረንሳ ጸኒዑ ደገፍ ሓፋሽ ስለዝበሮ ነቲ ናይ ወሻጢን ግዳምን ተጻብኦ ብዕቱብ ተቓሊስዎ። ሓደ ካብኦም ንወተሃደራዊ ክንፊ እቲ ለውጢ ዝመርሑ ዝበሩ ጀነራል ናፖልዮን ቦናፓርት ኣብ ሰፊሕ ክፋላት ኤውሮጳ ክሳብ ግብጺ ብምብጻሕ ዓበይቲ ዓወታት ኣመዝጊቡ። ይኹን'ምበር እቲ መጀመርታዊ ጠለብ ሓፋሽ ከይተማልኣ፡ ሰውራ ፈረንሳ ድሕሪ ዓሰርተ ዓመትን ሽዳሽተ ወርሒን ኣብ መወዳእታ 1799 ኣኽቲሙ።

ኣብ ግዜ ሰውራ ፈረንሳ ይኹን ብድሕሪኡ፡ ነቲ ሰውራ ኣመልኪቱ ብዙሕ ጽሑፋት ተሓቲሙን ኸውን ይሕተምን ኣሎ። ከም ቀንዲ ጭርሖ ሰውራ ፈረንሳ ዝፍለጥ “ናጽነት” (Liberty)፡ “ማዕርነት” (Equality)፡ “ምትሕግጋዝ/ብጻይነት” (Fraternity) ክሳብ ሎሚ ከም ሕላገት ህዝባዊ ምንቅስቓስ ዝገልግል ዘሎ እዩ። ሰውራ ፈረንሳ ግን ኣብ መነባብሮ ህዝቢ ይኹን ኣብቶም ድሕሪኡ ዝመጹ ስርዓታት መሰረታዊ ለውጢ ከየምጽአ እዩ ተቐጺዩ።

ኣብ ግዜ ሰውራ ፈረንሳ ዝቐረቡ ዝበሩ ሓሳባት ነቲ መድረኽ'ቲ ዘጸበርቑ እዮም። እቶም ዝጸንሑ ስርዓት ክዕቅቡ ዝደልዩ፡ ሓሳባቶም ኣብ ሕጊ-ፍጥረትን ሃይማኖትን ዝተመርኩሰ ኮይኑ፡ ርግኣትን ቀጻልነትን ንምርግጋጽ ኣብ ዘኸምታዊ ለውጢ ዝቐንዐ እዩ ነይሩ። ብኣንጻሩ እቶም ቅጽበታዊ ለውጢ ዝጠለቡ መጉትኦም ኣብ ሳይንስን ሞራልን ዝተመርኮሰ ነበረ። በዚ ተገራጫወትን ዘይተዓረቑን ሓሳባት ድማ ፈረንሳ ኣብ ወሻጣውን ግዳማውን ዕግርግር ወጺኣን ተሸሚማ።

ኣብ ግዜ ምዝዛም ሰውራ ፈረንሳ ዝተወልደ **ኦውግስተ ኮምት** (Auguste Comte 1798-1857)፡ ሓመሽተ-ሽዳሽተ ዝተፈላለየ ዓይነት ስርዓትን ረጅሚ ዝተሓወሶ ምቕይያር መንግስትን ድሕሪ ምርኣዩ፡ ካብቲ ናይ ዓቃባውያንን ሰውራውያንን ፍልልይ ግልል ኢሉ፡ ድኻምነት ክልቲኡ ሓሳባት ዝቕፍን ዕርቂ፡ ህድኣትን ምዕባለን ዘምጽእን “ሕጊ ሰለስተ ደረጃ” ዝበሎ ሓድሽ ሓሳብ ኣቕሪቡ። ናይ ኮምት “ሕጊ ሰለስተ ደረጃ” ብሓጺሩ፡ ናይ ሰብ ኣእምሮ ብሰለስተ ደረጃታት ሓሳብ ማለት - ሃይማኖታዊ (Theological)፡ ወድዓዊ/ባሀርያዊ (Metaphysical)፡ ኣወንታዊ (Positive) ዝምዕበል/ዝሰጋገር እዩ ይብል። ኣብቲ ቀዳማይ መድረኽ - ሃይማኖታዊ - ኣእምሮ ሰብ “ቁም-ነገር (Essence ) ፍጥረትን ትርጉም ህይወትን”፡ “ብእምነት” ማለት ፈጣሪ፡ መልኣኽቲ፡ መንፈሳዊ ነገራትን ይገልጾ። ኣብቲ ካልኣይ መድረኽ “ቁም-ነገር ፍጥረትን ትርጉም ህይወትን” “ብሳይንሳዊ ኣምራት”፡ “ባህርያዊ ሕጊ” (natural law)፡ “ሰብኣዊ ተመክሮ” (human reason)፡ ወዘተ ይርድኦን ይገልጾን። ኣብቲ ናይ መጨረሻ ደረጃ፡ “ኣውንታዊነት”፡ “ቁም-ነገር ምንዳይ ማለት ኣልፋን ኦሜጋን ትርጉም ህይወት ገዲፉ”፡ “ነገራት ከመይ ይተሓሓዙን ይቕጽሉን” ዝብል ጭብጠታት ኣብ ምንዳይ የተኩር። ደረጃታት ኮምት ብሓጺሩ ታሪኽ ብኸመይ ይግስግስ እዩ ዝገልጽ።

ናይ ኮምት መግለጺ ብቐንዱ፡ እቲ ኣረጊት ስርዓት ንምእላይ ንፈረንሳ ኣብ ደልሃመት ዘእተወን ግዜኡ ዝሓለፎን ኮይኑ፡ ናይቶም ሰውራውያን ትምኒትን ጠለብን - ናጽነት፡ ማዕርነት፡ ደሞክራሲ፡ ሰብኣውነት (Secular humanisim) - ድማ መድረኽ ዘይሓለወ ለውጥን ዕግርግርን ዝዕድምን እዩ ኣብ ዝብል መጉት ዝምርኩስ እዩ። ታሪኽ ከም ዝምስክሮ ፈረንሳ ብሸኽኢ ለውጢ ዝደረኑ ዓቃባውያን፡ ቅጽበታዊ ለውጢ ዝጠለቡ ሰውራውያንን ንዘመናት ኣብ ዘቐጸለ ዕግርግር እያ ተሸሚማ። ናይ ኮምት ሓሳብ ዕርቅን ዘኸምታዊ ለውጥን ግን ሰሚዒ ኣይረኸበን።

እቲ እዋን ሕብረት መግዛእቲ ኣመሪካ ቀይሙ፡ ቅዋም ዘጽደቐትሉ መድረኽ ነበረ፡ ኣመሪካውያን ክሳብ ሎሚ ከም ፍጹምን ብሉጽን ዝገልጽዎ ቅዋሞም፡ ኣብቲ ዝተጸሓፈሉ መድረኽ ማለት ቅድሚ 250 ዓመት ከም ዝሓሸ/ዘርሐ ኣማሪጺ እንተወሰድዎ ኣይገርምን። ፋልማይ ብጽሑፍ ዝተሰደ ቅዋም ብምዃኑ'ውን ከም መበገሲ ንፍሉይ መድረኽ ዘገልግልን ተባሂሉ ክውሰድ ይኽእል እዩ። ከምዝፍለጥ ኣብዚ ዝሓለፈ 250 ዓመት፡ ልዕሊ ዝኾነ ብዛዕባ ቅዋምን ደሞክራሲን ከም ኣመሪካውያን ዝተዛረበ፡ ዝመሃረን፡ ዝቖጸሮን ሃገር የለን። እቲ ሓቂ ግን፡ በቲ ሎሚ ዘለና መረዳእታ ለበራል ደሞክራሲ፡ ነቲ ቅድሚ 250 ዓመት ዝጸደቐ ቅዋም ኣመሪካ ዝዳረግ ኢደሞክራሲ ቅዋም ኣብ ዓለምና የለን። ከምዝፍለጥ ኣብቲዮም ሰዓብም ዝመጹ ዓመታት ብዙሕ ምምሕያሻት ተገይሮሉ እዩ።

እቶም ናጽነት ሕብረት መግዛእቲ ኣመሪካ (ካብ ዓባይ ብሪጣንያ) ዝጠለቡ ዝበሩ፡ ቀንዲ ጭርሖኦም “ብዘይ ፖለቲካዊ ተሰፍተፍት ቀረጽ ኣይግበርን” (No taxation without Representation) ዝብል ነበረ። እቶም ናጽነት ዝጠለቡን ቅዋም ኣመሪካ ዝሰደፉን ግን ዳርጋ ኩሎም ሃብታማት ብዙሓት ካብኦም ከኣ ብኣማኢት ዝቖጸሩ ጊላታት ዝውንኑ እዮም ነይሮም። እቲ ብወረቓ ቃላት “ንሕና ህዝቢ” ኢሉ ዝጀምር ቅዋም ኣመሪካ፡ ነተን ፍርቂ ሕብረተሰብ ዝኾና ደቀንስትዮ፡ ንጸለምቲን ደቂኣታት ጸዓዱን ብቐንዱ ከኣ ነየም ደቀባት፡ ከም “ህዝቢ” ዝቖጸር ኣይነበረን። ብዛዕባዚ ኣብ ዝቕጽል ጽሑፍና ኣሰፊሕና ክንርእዮ ኢና። ኣብዚ ምዕራፍ'ዚ ግን እቲ ኣጉዳሲ ነጥቢ፡ ዝቐርቡ ዝበሩ ሓሳባት ብዝርዝር ንምግላጽ ዘይኮነ፡ ዝቐርቡ ዝበሩ ሓሳባት ነቲ መድረኽ'ቲ ኣብ ግምት ዘእተወ ምንባሮም ንምጥቃስ ጥራይ እዩ።

ኣብ ላዕሊ ብሓጺር ከም ዝረኣናዮ፡ ናይ ፈረንሳ ሰውራውያን “ማዕርነት፡ ናጽነት፡ ምትሕግጋዝ” ብምጭራሕ ቅጽበታዊ ለውጢ ንምምጻእ ፈቲናም ከይተዓወቱ ክተርፉ እንከለው፡ እቶም ዝበዝሑ ክፋል ሕብረተሰብ ጎስዮም “ብዘይ ፖለቲካዊ ተሳታፍነት ቀረጽ ኣይግበርን” ዝበሉ ዝበሩ ኣመሪካውያን እዉን ባዕሉ ከይደግሐ ናብ ኩናት ሓድሕድ እዮም ኣምሪሖም።

ይቕጽል . . .

# ሽባብ

ሃማመተኤ


ሓሳባት

# ሕጂ'ውን ሰላም እዩ መዝሙርና!

ሰላም፡ እታ ኩሉ ወዲ ሰብ ሃረር ዝብላ ዝኸበረት ሃብቲ'ያ። ሓድሕዳዊ ምክብባር፡ ምጽውዋር፡ ሓድነት፡ ማዕርነት፡ ርእሰ-ምርኮሳ፡ ፍቕሪ ስድራን ሃገርን፡ ፍትወት ስራሕን ገለ ካብ'ቶም ንሰላም መንገዲ ዝጸርጉ ጸጋታት እዮም። ሰላም፡ ካብ ትህኪት ናብ ጻዕራ፡ ካብ ዘረባ ናብ ግብሪ፡ ካብ ድንቁርና ናብ ምህሮ፡ ካብ ሕማም ናብ ጥዕና፡ ካብ ሽታ ባሩድ ናብ ሽታ ዕምበባ፡ ካብ ጥሜት ናብ በረኸት፡ ካብ ዕግርግር ናብ ስርዓት እተሰጋግር ድንድል እያ። ሰላም፣ ጉዕዞኣ ነዊሕ'ዩ፣ ሚዛና'ውን ረዚን'ዩ። ነቲ ነዊሕ ጉዕዞ ተሰፋን ጽንዓትን፡ ነቲ ረዚን ሚዛን ሓለዋን መስዋእትን ትጠልብ።

ሰላም ዝሕላገቱ ሓፋሽ፡ ቅኑዕ ልቢ ክህልዎ ባህርያዊ እዩ። ቅንዕንኡ፣ ኣብቲ ብሩህ ፍሽኽትኡ፡ ኣቀባብላ ጋሻኡ፡ ፍትወት ስርሑ፡ ሓድነቱ፡ እምነቱ፡ ተስፍኡን ጽንዓቱን ይውከል። ሰላም ዘመዝሙሩ ሓፋሽ ዘውንኖ ንቕሓትን ውዳበን መዳርግቲ የብሉን። ብኣንጻሩ፡ ንሰላም ክብሪ ዝኸልእ ሓፋሽ ዝፈጥሮም ስርዓታት ቁናን ልቢ ይውንኑ። ጥልመት፡ ተንኮል፡ ሓሶት፡ ፈኸራ፡ ትህኪት፡ ስርቂ፡ ቅትለት ወዘተ. ቁናን ልቢ ካብ እትተፍኦ ትኪ እዩ። ሰላሙ ዘዘረገ ሓፋሽ ካብ ብንቕሓቱ ብድሕረቱ፡ ካብ ብውዳብኡ ብፍልልያቱ፡ ካብ ብጻዕሩ ብትህኪቱ ይልለ።

ጥልመት፡ ካብ ነብሰ-ምትሓት ዝምንጩ ዓኽታ እዩ። ጥልመት ካብ ምጥርጣር፡ ምጥርጣር ካብ ጉድለት እምነት፡ ጉድለት እምነት ካብ ነብሰ-ምትሓት ይውለድ። ነብሰ-ምትሓት፣ ምስሊ ውሽጥኻ ካብ ዘይምቅባል ዝፍጠር ኩናት ውሽጢ እዩ። ከም ሳዕቤኑ፡ ታሪኽ መዘምራን ኩናት ብጥልመትን ምዝንባዕ ታሪኽን ክበሓት ግድን ይኸውን። ጥልመት ኣሉላ ንራእሲ ወልደሚኪኤል ሰሎሞን፡ ጥልመት ወያነን ስዒቦም ዝመጹ ሰብ ጥሙሕን ንህዝቢ ኤርትራ ገለ ካብ'ቶም ፍሩያት ኣብነታት ጥልመት እዮም። ብመንነቶምን ታሪኾምን ዝሓፍሩ መዘምራን ኩናት፡ ንዓወታት ካልኦት ከዘንብዑ ግዜኦም የሕልፉ። ታሪኽ ውግእ ሽረን ስርሒት ፈንቅልን (ኣየ ምጽዋዕ!) ገለ ካብ'ቶም ዝተዘንብዑ ፍጻመታት'ዮም። ነቲ ዘዘንብዕዎ ታሪኽ ክሰርሕዎ ብዘይ ምኽኣሎም ሕፍረትን ሕስረትን ተኸዲኖም ንረኽቦም። "ንኻልኦት ዝፈሓርካያ ጉድጓድ ባዕልኻ ትኣትዋ" ከም ዝብሃል፡ ኣብ'ቲ ዝፈሓርዎ ጉድጓድ ክቕበሩ'ውን ተፈሪዶም ኣለዉ።

ቅንዕና፡ ካብ ክቱር ድሌት ሰላም ዝምንጩ ጸጋ እዩ። ቅንዕና ካብ እምነት፣ እምነት ካብ ፍቕሪ ትውለድ።



እምነት ዘለዎ ሓፋሽ ኣይጠራጠርን፣ ስለ ዘይጠራጠር ኣይጠልም ኣይጥርር! እምነት ዝመልኦ መዝሙር ሰላምና ጽንዓት፡ ሓርነት፡ ናጽነት፡ ንልምዓት ዝብሉ ራእይታት ጋህዲ ክንገብሮም ሓይሊ ሂቡና ኣሎ። ትኩርነትና ንልቢ ጸላእትና ክንፈልጥን ውዳበና ክነሕይልን ኣኽኢሉና'ዩ። መዘምራን ኩናት ንመዝሙር ሰላምና መዝሚዞም፣ ነዛ ቅንዕቲ ልብና ካብ ሱራ ንምምንቋስ ዘይፈንቀልዎ እምኒ የለን። ኮይኑ ግን ከም'ቲ ኣቦታትና ዝመሰልዎ "ሃመማ እንተበዝሐ መኽደን ቶፈይቶ ነይከፍቱ" እዩ ነገሩ፣ ንመዝሙርና ከህጥምዎ ኣይከኣሉን፣ ብሕጂ'ውን ኣይክኽእሉን እዮም፣ እቲ ምንታይሲ ህዝቢ ኤርትራ ነታ ብገዛእ ቅልጽሙ ዘምጽኣ ዘውዲ ከም ብሌን ዓይኑ ስለ ዝሕልዋ።

ሰላም፣ ሰለም ከየበልካ ብምስራሕ'ያ እትመጽእ። ከም'ቲ ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ፦ "ርግኣትን ሰላምን ኮነ ራህዋን ጣዕምን ዘስራሕን ዝስርሓሉን እምበር ሎተርያ ኣይኮነን" ክብል ዝገለጾ፡ ህዝቢ ኤርትራ ንሰላም ስለ ዝሰርሓላ እዩ፣ ካብ ብመልሓሱ ብግብሩ ዝዛረብ። "ስቕ ዝበልና ስቕ ክንብል ስለዝደለና እዩ" ዝብል ናይ ወትሩ መልስና፣ መርኣያ ግብራዊ ባህልናን ድሌት ሰላምን እዩ። ስራሕ ዘቛንቑኡ ሓፋሽ ጥበብን ፍልጠትን ይመልእ። ጥበብን ፍልጠትን ዝመልኦ ሓፋሽ ድማ ኣብ ነብሱ ይኣምን፣ ንሰላም'ውን ይዝምር። ኣብ ነብሱ ስለ ዝኣምን "ናትና ኣይንህብን ዘይናትና ኣይንደልን" እናበለ ይዝይም። ብኣንጻሩ፣ ናይ ኩናት ነጋሪት ዝሃርም ህዝቢ ትህኪት ስለዝገዝኦ ኣብ ረድኤት እዩ ዝዕቆብ። ረድኤት፣ ካብ ንነብስኻን ሕብረተሰብካን ዘይምፍቓር ዝመጽእ ናይ ኣእምሮ ሕማም እዩ። ኣዒንትኻ ኣዐዊሩ፣ መንፈስካ ኣጸልሚቱ፣ ኣብ ተልእኾ ግጭታት'ዩ ዝጸምደካ። ጥልመት፡ ዓመጽ፡ ጭውያ፡ ዘረፋ፡ ወራር ዝኣመሰሉ ቅድመ ኹነት፡ ረዲኤት ንኽትወስድ ዝኽፈሉ ግብሪ እዮም። ረዲኤት ዝጠዓመት ከብዲ ድማ መዝሙር ኩናት ከተዳሉ ብርዕን ወረቐትን ሃሰው ትብል። ገለ ካብ'ተን ብበላዕቲ ውዳቕ ዝኾኑ መዘምራን ኩናት ዝተዘየማ ሕደማታት ምስ እንርኢ "እንቢ ያለ ሰው፡ ጥይት ኣጉርሶው" "ኣስመራ እንተዘይኣትየ ኣይሰምዕን እየ"፡ "ድሕሪ መረጻ ሓዲኣ'ላ ኣብ ዛላ ኣንበሳ" ክጥቀስ ይከኣል።

መስዋእቲ፡ ሽግ ብርሃን ናይ'ቲ ከቢድ ጉዕዞ ሰላም እዩ። ከም'ቲ ምምካኽ ሽምዓ ብርሃን ዘውሕስ፣ ውሕስነት ሰላም ድማ ብመስዋእቲ እዩ ዝረጋገጽ። መስዋእቲ ዝፈላለ እኳ እንተኾነ፣ እታ እንኮ መተካእታ ዘይብላ ህይወትካ እትኸፍለሉ መስዋእቲ ግን መወዳድርቲ የብሉን። ህዝቢ ኤርትራ ኣንጻር ኩሉ ተጻብኦታት መኪቱ ኣብ'ዚ ሎሚ በጺሕዎ ዘሎ ጉዕዞ ሰላም ክበጽሕ ዝኸፈሎ መስዋእቲ መዳርግቲ የብሉን። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ከምቲ ሓርበኛ ኣቦና ዓብደልቃድር ከቢረ ዝመስከሮ፣ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ሽሕ ዓመት ብውርደት ሓንቲ ዓመት ብኽብረት ምንባር ከምዝበልጽ ስለዝኣምን እዩ(ኣይንፈላለ፡197)። እዚ እምነት'ዚ ሕመረት መዝሙር ሰላምና እዩ።

"መዝሙር ሰላም፡ ፍቕሪ፡ መዝሙር ኩናት፡ ጽልኢ" ይወልድ። ንመዝሙር ሰላምና ከህጥሙ ዘወርወርዎ ጽልኢ ማእለያ የብሉን። ኩናት ጽልኢ ክምህሩ ዘይጸውዕዎ ደብተራን ዘይተወከስዎ ደብተርን'ውን የለን። ዓውታን ቃናን መዝሙር ሰላምና ካብ'ታ ብፍቕሪ ሃገር ዝነደደት ንጽህትን ቅንዕትን ልቢ ሓፋሽ'ዩ ዝፍልፍል። መዘምራን ኩናት ንመዝሙር ሰላምና ከምዘይስዕርዎ ስለ ዝፈልጡ፡ ብዘይ ዝኾነ ምሉእ ደገፍ ካልኦት ሓያላን ሃገራት ክወሩና ኣይደፍሩን እዮም። ስርዓት ሃይለ ስላሴ ብደገፍ ኣሜሪካ፣ ስርዓት ደርግ ብደገፍ ሶቬት ሕብረት፣ ስርዓት ወያነ ብደገፍ ስርዓት ዋሽንግተን ክወሩና እንክለዉ፣ ብጽንዓትና ካብ ኮረሻ ስልጣኖም ከም ዝተኣልዩ ታሪኽ ይምስክር። ብመዝሙር ኩናት ዝቐስቀስዎ ጽልኢ ተመሊሱ ጸልማት ጓሲሱ ምስ ኣምጽኣሎም፣ ኣታሊለሞ ዝጸንሑ ሓፋሽ መዝሙር ሰላም ዘዘምሮ መምህር ንኽመጽእ ብሃንቀውታ ይጽበዩ ኣለዉ። ምስጢር ሓይሊ መዝሙር ሰላምና ኣብ ቁጽርና ዘይኮነ ኣብ ሓድነትን ዕምቖትን እቲ ልባዊ ድምጽና እዩ ዝምርኮስ። ከም ውጽኢቱ፣ ከነምበርክኽ እንበር ክንምብርከኽ ኣይተራኣናን።

መዝሙር ሰላምና ማእከል ስሕበት እዩ። ህዝቢ ኤርትራ መዝሙር ሰላም ክዝምር ካብ ዝጀምር ዘመናት ኣቑጺሩ ይርከብ። ዓበይቲ ስልጣነታት ናይ ዓለምና (ግብጺ፡ ሮማ፡ ግሪኽ) ክነግዱ፡ ቅዱሳን እምነታት (ምስልምናን ክርስትናን) ብሰላም ክሰበኩ፡ ዝተመዛበሉ ኣህዛብ ኣብ ባሕርናን መሬትናን ክዕቀቡ ምኽንያት ዝነበረ መዝሙር ሰላምና እዩ። ሓድሕዳዊ ምክብባርን ምጽውዋርን ንመዝሙር ሰላምና ካብ ዝምግቡ ጸጋታት እዮም። በኣንጻሩ፣ ሓድሕዳዊ ምክዕዓብን ክትዕብልል ምድላይን መዝሙር ኩናት ዝፈጥሮም ዘይዕንገሉ ሸውሃት እዮም። መዘምራን ኩናት ንመዝሙር ሰላምና ክዕብልሉ፣ ስሕበትና ብስሕበት ጽልእን ቅርሕንትን ክትክኡ ምህቃኖም ዘሰንብድ ኣይኮነን። እቲ ምንታይ'ሲ ታሪኽና፣ ታሪኽ ተጋድሎ ኣንጻር ዕብለላን ዕንደራን ስለ ዝኾነ። ህዝቢ ኤርትራ መዝሙር ሰላም ስለ ዘዘመረ ንመግዛእትን ንናይ ሰላሳ ዓመት መሪር ብረታዊ ቃልስን ተፈሪዱ እዩ። ዝፈጠሮ ሰውራ ንብዙሓት ደለይቲ ሓርነት መወከሲ ኮይኑ ይርከብ። በዚ ዝተደነቐ ታንዛንያዊ ዓብዱራሕማን ባቡ፡ "መጻኢት ኣፍሪቃ ኣብ ሓራ መሬት ኤርትራ ርኤያ" ክብል ዝመስከረ። ህዝቢ ኤርትራ ናጽነቱ ብገዛእ ቅልጽሙ ድሕሪ ምምጽኡ'ውን እንተኾነ ካብ ተጻብኦ ኣየዕረፈን። ኮይኑ ግን "ሓቅን ጊሓትን እናሓደሩ ይበርሁ" ከም ዝብሃል፣ መዝሙርና ዘዘምሩ ኣህዛብ ጊሓት ጊሓት ይስስኑ ኣለዉ።

ልቦና

## ኣነቓቓሒ ዛንታ

ሱራፌል ተ.

### ሰላም ኣእምሮ

ሓደ እዋን ቡድሃ፡ ካብ ሓንቲ ከተማ ናብ ካልእ ጐሮቤታ ከተማ ምስ ሰዓብቱ ይጓዓዝ ነበረ። ሰዓብቱ፡ ሓደስቲ ተመሃሮኡ ነበሩ። ኣብ ጉዕዞኦም ሓንቲ ሓጽቢ ምስ ረኸቡ፡ ቡድሃ ንኽዕርፉ ኣዘዘ። ንሓደ ካብ ሰዓብቱ ጸውዮ'ሞ፡ "ኣመና ጸሚኣ ኣለኹ። ካብታ ሓጽቢ ዝስተ ማይ ኣምጽኣለይ፡" ክብል ለኣኾ።

እቲ ሰዓቢኡ ናብታ ሓጽቢ ከደ። ሰባት ክዳውንቲ ክሓጽቡን ብዙሓት ከብቲ ብማእከል እቲ ሓጽቢ ክስንጥቑን ጸንሕዎ። እቲ ማይ ከኣ ተዘሪጉ ነበረ። "ካብዚ ዝተዘርገ ማይ ከመይ ኣቢለ'የ ንቡድሃ ክህቦ? እዚ ንቡድሃ ዘወሃብ ማይ ኣይኮነን፡" ኢሉ ሓሰበ። ናብ ቡድሃ ተመሊሱ ድማ "እቲ ማይ ተዘራሪጉ እዩ፣ ክስተ ዝኽእል ኣይኮነን፡" በሎ።

ድሕሪ ፍርቂ ሰዓት ይኸውን ቡድሃ ነቲ ኣቐዲሙ ዘለኣኾ ተመሃራዩ ብምጽዋዕ፡ ዝስተ ማይ ካብታ ሓጽቢ ከምጽኣሉ ደጊሙ ለኣኾ። እቲ ምእዙዝ ተመሃራዩ ኸኣ ናብቲ ሓጽቢ ከደ። እቲ ዘርጊ ንታሕቲ ዘፍ ኢሉ፡ እቲ ማይ ከኣ ጸርዩን ረጊኡን ጸንሖ። "ቡድሃ ካብዚ ጽሩይ ማይ ክስቲ የምሕረሉ'ዩ፡" ኢሉ ብምሕሳብ፡ ማይ ቀዲሑ ናብ ቡድሃ ተመልሰ።

ቡድሃ ነቲ ማይ ተመልኪቶ። ናብቲ ሰዓቢኡ ብምቕናዕ ከኣ፡ "እዚ ማይ ክጽሪ እንታይ ከም ዝገበርካ ኣስተውዒልካዶ? እቲ ዘርጊ ኾሉ ባዕሉ ክዓርፍ ሓዲግካዮ፣ ከምቲ ዝኾኖ ክኸውን ገዲፍካዮ። ክርበሽ እንከሎ ባዕሉ ክዕርፍ ሕደጎ። ቊሩብ ግዜ የድልዮ'ዩ። ንኽረግእ፡ ንኽዓርፍ፡ ዝኾነ ሃልኪ ኣየድልየካን እዩ። ብዘይ ሃልኪ ባዕሉ ዘፍ ክብል እዩ፡" በለ ቡድሃ።

'ሰላም ኣእምሮ' ምርካብ ኣትዓቢ ኣይኮነን። ሃልኪ ኣየድልዮን። ኣብ ውሽጥኻ ሰላም እንተ'ሎ፡ ሰላም ካብ ውሽጥኻ ናብ ደገ የስፋሕፍሕ እዩ። ኣባኻን ኣብ ከባቢኻን ይመልእ። ኣብ ጥቓኻ ዝቐርቡ ሰባት ድማ ሰላምን በረኸትን ይዓስሎም። ቡድሃ ነዚ'ዩ ዝነግር ነይሩ። ከምቲ ዝተዘርገ ማይ፡ ንስኻ ከይተዓብካ፡ ግዜ ብምሃብ ጥራይ ዝግ ክብል እትሓድጎ፡ ሰላም ዘይብሉ ዘዕገርግር ኣእምሮ ኸኣ ልክዕ ከምኡ ክረግእ ግዜ ክትህቦ ጥራይ'ዩ ዘለካ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣቶ ተስፋኣለም ወልዳይ ፍስሃ፡ በዓልቲ ቤተይ ኣሰፋሽ ፍስሃ ተስፋማርያም ስለዝተሰወአት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸለም ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሳባ ተስፋማርያም ጉብረማርያም፡ ኣደይ ሚዛን ተስፋይ ጋርዛ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ህልዋት ኣሕዋተይ 3 መውትቲ ተተኽእቲ ደቆም ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ፍጹም በርህ ዳዊት ምባል ተሪፉ፡ ፍጹም በርህ ቀላቲ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.37 3ይ መጋቢያ ይቕረብ፡፡

ጺጋ ኪዳነ ኣድኅይ፡ በዓል ቤተይ ተ/ጋ ሙሴ የውሃንስ ተላ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣማን የውሃንስ ትንስኡ፡ ኣቦይ የውሃንስ ትንስእ ወልደመንቀርዮስ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዮ ዞባ ማእከል

ኣብ መንጎ ከሳሲ ኣቶ መሓሪ ቀለታ 2. ተኸሳሲ ቻይናዊ ኣምፓኒ ኣምፐለንት ኤርትራ ተማሰራቱ ዘሎ ናይ ማሳል ሰራሕተኛ ክርክር፡ ንተኸሳሲ ትካል ተደጋጋሚ መጸዋዕታ ተላኢኹ ክቐርብ ስለዘይከኣለ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከሉ ን30/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.4 ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብኩ፡ ጉዳይ ኣብዘየለኻሉ ክረኣ ምኳኑ ንፈልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ን/ዞ/በሪኽ ጻዕዳ ክርስትያን

ከሳሲት ወ/ሮ ቅሳት ኣብርሃ ገዛኢ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ርቢል ክብሮም፡ ናይ ሞዝተትት ክሲ ቀሪብልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን14/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብኩ፡ ጉዳይ ኣብዘየለኻሉ ክረኣ ምኳኑ ንፈልጥ፡፡

ኣቶ መሓሪ ተወልደመድህን ዳምር፡ ወዲ ኣኮይ የውሃንስ ማቴዎስ ሓጎስ ስለዝዓረፈ፡ ሓዳር ይኹን ወላድ ስለዘይብሉ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ርእሶም ሰዩም ተስፋጽዮን፡ ኣደይ ለተብርሃን ግደይ ብርሃ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕዳድ

ወ/ሮ ትብለጽ ኣፈወርቂ በርሀ፡ በዓል ቤተይ ኣቶ መሓሪ ጭሽ ገዛር ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ጺጋ ኤፍሬም፡ ስም ኣደ ናይ ኣቡላኅይ ለተብርሃን ገብረታትየስ ምባል ተሪፉ፡ ለተብርሃን ገብረክርስቶስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ኣቶ ተኽለይ ሃብተ ገብረገርግሽ፡ ኣቡላኅይ ኣወዓለም ገብሩ ብኣዱ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 7 ኣኮታተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ተኽለይ ሃብተ ገብረገርግሽ፡ ሓትኣይ ሂወት ኣወዓለም ገብሩ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ደቂ ኣኮታተይን ሓትኣታተይን ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ/መንደፈራ

ወ/ሮ ጸገ ታደሰ ተወልደመድህኑ፡ ኣሞይ ወ/ሮ ምንያ ሃይለስላሴ ግርማጼን ስለዝዓረፈት፡ ነና ተከእና ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ተማስገን ገብረማሪቀል ማሉ፡ ናይ ጥፉኣት ደቀይ ሃና ተማስገን፡ ኤደን ተማስገን፡ ቢንያም ተማስገን፡ በረኸት ተማስገን ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ሓበን ኢዮብ ዑቕባ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣማኒኤል ኣዋጁ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪብልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን30/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

ኣቶ ፍስሃጼን ገብረማርያም ብርሃ፡ ኋለይ ኑብያት ፍስሃጼን ገብረማርያም ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኤደን ታደሰ ቃልኣብ ምባል ተሪፉ፡ የርዳኖስ ታደሰ ቃልኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ያቆብ ዘሙይ ኣርኣያ፡ በዓልቲ ቤተይ ንግስቲ ገብርኣብ ትኳቦ ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸለም ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ጺጋይ በየነ ገብረኣብ፡ ኣዴና ኣብርሀት ተወልደ ካፍል ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 1ሓወይ ወራሲ ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

መርሃዊት ሰለሙን ወልደኪዳን ምባል ተሪፉ፡ የሃና ሰለሙን ወልደኪዳን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞ/ደ/ማይ ምነ

ከዋኒት ተስፋሚካኤል ታፈረ ምባል ተሪፉ፡ ከዋኒት ተስፋሚካኤል ተፈሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ትርሓስ ተስፋይ ተኽለ ምባል ተሪፉ፡ ትርሓስ ተስፋይ ገብረክርስቶስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሰሚራ ተስፋይ ተኽለ ምባል ተሪፉ፡ ሰሚራ ተስፋይ ገብረክርስቶስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞ/ደ/ዓዲ ኳላ

ከስተ ሓጎስ በራኺ፡ ወድና ገዕሽ ከስተ ሓጎስ ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ምስ በዓልቲ ቤተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኮኾብ ሰለሙን ገብረሂወት ምባል ተሪፉ፡ የርሳሌም ሰለሙን ገብረሂወት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ጽርሃ ገብረማስቀል ኪዳነ ምባል ተሪፉ፡ ፈሩዝ ገብረማስቀል ኪዳነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ት/ዕደመ ኣኽበረት የማን የውሃንስ ምባል ተሪፉ፡ ደናይት የማን የውሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

መርሃዊ ተኽለወይኒ ሰዩም ምባል ተሪፉ፡ ፍሰሃ ተኽለወይኒ ሰዩም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞ/ደ/ጸሮና

ቶማስ ዳዊት፡ ስም ኣደይ ጸገ ምላሽ ገብረኪዳን ምባል ተሪፉ፡ ጸገወይኒ ምላሽ ገብረኪዳን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ግደይ ሃብተ፡ ስም ትሕቲ ዕድመ ወደይ ሄኖክ ገብረመድህን ማሕራይ ምባል ተሪፉ፡ ሚልዮን ገብረመድህን ማሕራይ ተባሂሉ ይተኣረመሉ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ ጊንዳዕ

ወ/ሮ ፍረወይኒ ገብረሚካኤል ገብረስላሴ፡ ስም ትሕቲ ዕድመ ወደይ ሓየሎም ክብሮም ዘውዶ ምባል ተሪፉ፡ ዘርኣሰናይ ክብሮም ዘውዶ ተባሂሉ ይተኣረመሉ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ወ/ሮ ኣለም ሃይለ ኣስመላሽ፡ በዓል ቤተይ ኣቶ ካሕሳይ ዓንደማርያም ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ወ/ሮ ወይዘሮ ነጋሲ ኣሰፋው፡ በዓል ቤተይ ግርማይ ክብርኣብ ወልዳይ ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ምስ 3 ደቅና ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሻምብቆ

1.ሙሴ እምሃ ኢልማ 2.ትዕግስቲ እምሃ ኢልማ፣ ስም ኣዴና ሓዳስ ኢሳቕ ካሕሳይ ምባል ተሪፉ፡ ለታይ ተኽለ ተስፋሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ፍረወይኒ ሃይለ ፍሱሓጼን፡ ስም ኣደይ ሓረጉ ዘመደ ተስፋሚካኤል ምባል ተሪፉ፡ ሶፍያ ዘመደ ተስፋሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሞልቂ

ኣቶ ገብረሂወት ተስፋይ ዓንደሚካኤል፡ ኣዴና ኣበባ መስፍን ብድር ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣባዲት ገብረእግዚኣብሄር በየነ ምባል ተሪፉ፡ ቤትኤል ገብረእግዚኣብሄር በየነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

---

ብስም ኣብርሀት ካሕሳይ ገብሩ ዝተመዝገበ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL00000520 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ጎደና ፈልከት ቁ.ገዛ 10/8 ዝርከብ ናይ ባርን በልያርዶን ትካለይ ንወ/ሮ ጸገረዳ ርእሶም ካሕሳይ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ጎደና 115-1 ቁ.ገዛ 16 ካብ ዕለት 01/01/2024 ክሳብ ዕለት 31/12/2026 ኣካርየዮ ስለዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጻሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ንፈልጥ፡፡

ኣብርሀት ካሕሳይ ገብሩ
ሕጋዊ ወከል መሓሪ ወራሲ ገብረ

---

ኣነ ልኡል መሓሪ ካሱ፡ ነባሪ ኣስመራ ዞባ 4 ን/ዞባ 02 ጎደና 715 ሎታ 84 ፓርቸላ D/2 ዝርከብ ብስም በዓል ቤተይ ኣፍ/መሓሪ ካሳ ተስፋጽዮን ብቑ/መለለይ ንብረት 180817 መወከሲ ቁጽሪ 141060 ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ናብ ስም ወረስቲ ክሰመሓላለፍ ስለዝደለና፣ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መእገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳኔ (ይግባይ እንተተባሂሉሉ) ናብ ቤት ጽሕፈት ፓፕሊክ ኖታርን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ሒዙ ይቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ ግን ዝቃወም ከምዘየለ ተቖጺሩ ኦርጂናል ሰነዳት ኣቕሪብ ጉዳየይ ክፈጸም ምኳነይ እሕብር፡፡

ኣቶ ልኡል መሓሪ ካሳ

---

ኣብ ትካልና ሰድራቤት ኣረጋሽ ሓ.ዘ.ብ.ማ (ብርሃ ሴኮ) ክዕረያ ዝመጻ ሰዓታት፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣትሒዝኩም ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ንብረትኩም ክትወስዱ ንሕብር፡፡ ብድሕሪኡ ንዝመጽእ ዝኾነ ይኹን ሕቶ ማለት ዝጠፍኡ ሰዓት ነይሩና ንዝብል ሕቶ ከም ዘይንቕበል ክትፈልጡ፡፡

ትካልና ሰድራቤት ኣረጋሽ ሓ.ዘ.ብ.ማ (ብርሃ ሴኮ)

---

## ሓበሬታ



ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ደውሉ፡፡

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8፥00 – 12፥00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2፥00 – 6፥00 ድ.ቀትሪ ብቁ.ስልኪ 110179 ደውሉ፡፡

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፥ E-mail; bidhonational@gmail.com

ስቕታ ጎዳኢ ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ!!!

# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## ስፖርታዊ ውድድራት እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ ይቕጽል


ኣብ ሜዳ ራስ ሓማሽ 2ይ ዙርያ ስፖርታዊ ውድድራት ኣብ ምኽያድ ዝርከብ እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ፡ ዝሓለፈ መዓልታት'ውን ብኽልተኡ ጸታታት ውድድራት ኩዕሶ እግርን መርብብን ኣሰላሲሉ።
ፈለማ ናይ ደቂኣንስትዮ ጋንታታት ቶካር ምስ ዓዲ ርሶ እየን ጸወትአን ኣሰላሲለን። እዚ ብዙሓት ምንቅስቓስ ዝፈለመ ግጥም ዝጥቀስ ሓደኛ ፈተነ ከይተኻየደሉ'ዩ ናይ ቀደማዊ ዕረፍቲ ጸወታኡ ዛዚሙ። ድሕሪ ዕረፍቲ ግን ሃንፋተን ብምሽፋን ንጡፍ ምንቅስቓስ ምስ ሓያል ፈተነ ኣካይደን። ይኹን እምበር ዝተመዝገበ ሸቶ ብዘይምንባሩ ብናይ ሓባር ዓወት ጸወተአን ፈጺመን። ኣልጌን ምስ መድሕን ኣብ ዘራኸበ ጸወታ፡ ጋንታ ኣልጌን ቡታ 10 ሸቶታት ብምምዝጋብ ነዚ ስፖርታዊ ቅነ ትመርሖ ዘላ ተጻዋቲት ወይኒ ገብረመስቀል ኣብ ማብል 48 ደቒቕ ሸቶ ብምርካብ ተዓዊታ ክትወጽእ ክኢላ።
ሳልሳይ ግጥም ኑተን ናይ ነዊሕ ዓመታት ሙተሃላልኽቲ ዝኾና ብ"ደርቢ ተወርዋሪ" ዝጽወዓ ባርዕ ምስ ብደሃ እዩ ኣራኺቡ።

ዘለወን ህልኽ ኣብ ግምት ኣእቲኻ ከይተጀመረ'ዩ ቀልቢ ደገፍቲ ስሒቡ። ኣብ መኸፈቲ ዕለት ቅነ ስፖርት እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ 2024 ብደሃ ኣብ ልዕሊ ባርዕ ዓወት ኣመዝጊባ ብምንባራ ካልእ ኑቲ ጸወታ ኑዳዪ ዝወሰኸሉ'ዩ ነይሩ። ደገፍቲ ባርዕ ዓወት ኣመዝጊብና ሕነና ክንፈዲ ኢና ክብሉ እንከለው፡ ብደሃ ከኣ ዓወት ደጊምና ከለውሕስ ኢና ብምባል ኑቲ ግጥም ተዛሪፊ ጊይሮም። ብኸምዚ ስምዒት ተዓብለለን ንምሄዳ ዝኣተዋ ተጻወትቲ፡ ማእከላይ ዳኛ ናይ ምጅማር ፈኮ ምስ ነፍሐ ብሩሰን ምንቅስቓስ ኩዕሶ ናብ ሕድሕድ ልዓተን ክውርውራ ተራእየን። እንተኾነ እቲ ጸወታ ሓያል ፈተነ ሰሪዱ ብዘይሸቶ ተዛዚሙ።
ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ጸወታ፡ ፈለማ ዓላ ምስ ባርዕ እያም ናብ ሜዳ ወሪዶም። እቲ ብሓርፋፍ ጸወታ ተሰነዩ ዝተሰላሰለ ርሱን ጸወታ፡ ተጻዋታይ ጋንታ ባርዕ ሙኸታር ኢብራሂም ኣብ ማብል 24 ደቒቕ ብዘመዝገባ ሸቶ፡ ባርዕ 1-0 ተዓዊቶም ክወጽኡ ክኢሎም።
ኣልጌን ምስ ዓዲ ርሶ ኣብ ዘሰላሰልዎ ጸወታ፡ ብሓያል ህልኽ ተሰነዩ ምስትውዓል ዝጎደሎን ኩዕሶ ናብ ልዕት ክልቲኤን ጋንታታት ክልኣኻ ተራእዮም። ናይ ቀደማዊ ዕረፍቲ ጸወታ ብዘይ ሸቶ'ዩ ተወዲኡ። ድሕሪ ዕረፍቲ ኣብ ማብል 63 ደቒቕ ሓበን ግርማይ ንዓዲ ርሶ ሸቶ ስለ ዘቖጸረላ ዓዲ ርሶ ተዓዊታ ክትወጽእ ክኢላ። ብደሃ ምስ ቶካር ኣብ ዘቶደዎ ጸወታ፡ ናይ 90 ደቓይቕ ግጥም ሸቶ ከይተመዝገበ'ዩ ተዛዚሙ።
ኣብ ግጥማት ኩዕሶ መርብብ ደቂኣንስትዮ፡ ዓዲ ርሶ ምስ ቶካር ክራኸብ እንከለዋ ዓዲ ርሶ ደማ 2-0 ተዓዊተን። ዓላ ምስ ባርዕ ኣብ ዘቶደኦ ጸወታ ኸኣ ባርዕ 2-0 ከሰንፉ ክኢለን። ኣልጌን ደማ ንመድሕን 2-1 ረቲዐንአን።
ብደሃ ምስ ቶካር ዘራኸበ ናይ ደቂተባዕትዮ ጸወታ ኩዕሶ መርብብ ደማ ብደሃ ናይ 3-0 ዓወት ከመዝግቡ ክኢሎም። ዓላ ደማ ብተመሳሳሊ ወጽኢት ኣብ ልዕሊ ዓዲ ርሶ ዓወት ከመዝግቡ እንከለው፡ ባርዕ ከኣ ንመድሕን 3-0 ሰዒሮም።
2ይ ዙርያ ቅነ ስፖርት እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ፡ ውድድራት ጉያ እግሪ ወሲኹ ንጥፈታቱ ኣብ ምስልሳል ይርከብ ከም ዘሎ መ/ሓ/ን/ እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ ብዘሰደዶ ጸብጻብ ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ።



## ፕሪመር ሊግ ኣብ ወሳኒ መድረኽ


ግጥማት ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ናይ መወዳእታ መድረኽ ኣብ ዝኣተወሉ ዘሎ ግዜ ዝተፈላለዩ ድራማታት ክስርሑ ከም ዝኽእሉ'ዩ ዝግመት። ሰለስተ ጋንታታት ዘውዲ ሻምፕዮን ናይ ምድፋእ ዕድል ክህልወን ከሎ፡ ኣስቶንቪላን ቶተንሃምን ከኣ ናይ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ቦታኦን ብዘተኣማምን መንገዲ




ውሑስ ንምግባሩ ይጽዕራ ኣለዋ። ናይ ውልቂ ሽልማት ዝወሃበሉ መድረኽ'ውን እናተቓረበ'ዩ ዝመጽእ ዘሎ። ከም ርድኡ ፊል ፎደን፡ ዴክላን ራይስን ኮል ፓልመርን ንሽልማት ፒኤፍኤይ (PFA Player of the Year award) ከቋምቱ ከለው፡ ኤርሊን ሃላንድን ኮል ፓልመርን ብ20 ሸቶታት፡ ኦሊ ዋትኪንስ ብ19 ሸቶታት፡ ኣሌክሳንደር ኢሳቅ፡ መሓመድ ሳላሕ ዶሚኒክ ሶላንኪን ከኣ ብ17 ሸቶታት ሽልማት ብሉጽ ኣመዝጋቢ ሸቶ ( Golden Boot Award) ንምውሳድ ይቃለሱ ኣለው። ብፍላይ ሽልማት ብሉጽ ኣመዝጋቢ ሸቶ ፕሪመር ሊግ ንምዃን ኣብ ዝቶደ ዘሎ ቅልስ ኣቓልቦ ስሒቡ ኣሎ።
ዝሓለፈ ሰሉይ ኣንጻር ኤቨርተን 4 ሸቶታት ዘመዝገበ ወዲ 21 ዓመት ኮል ፓልመር፡

ዝሓለፈ ክረምቲ ኣብ ሲቲ ቦታ ስኢኑ መንበር ተቐያሪ ተጻወትቲ ከምዝምቕ ከሎ ንብሉጽ ኣመዝጋቢ ሸቶ ክወዳደር ኢሉ ዝሓሰቦ ክህሉ ኣጸጋሚ'ዩ። ብ42.5 ሚልዮን ፓውንድ ናብ ቸልሲ ድሕሪ ምስጋሩ ብዘርእዮ ዘሎ ብሉጽ ብቕዓት ግን ንሽልማት ብሉጽ ተጻዋታይ ፕሪመር ሊግውን እንተተሓጸየ ዘይግበኦ ኣይኮነን። ኣብዚ ዓመት ስፖርት 20 ሸቶታትን 9 ሸቶ ዝኾና ኩዕሶትን ብምስራሕ ኣብ ቸልሲ ንገቸቲና ኣብ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ከኣ ንኣውዝጌይት ማስጡ ደርኪቡ። ዋላ'ኳ ካብዘን 20 ሸቶታቱ እተን 9 ብፍጹም ቅላዕ መቕጻዕቲ ዝተመዝገባ ይኹና። እዚ ተጻዋታይ ኣብ ዝመጽእ ጸወታታት ኣንጻር ኣርሰናል፡ ኣስቶን ቪላ፡ ቶተንሃም፡ ዌስትሃም፡ ኖቲንግሃም ፎረስት፡ ብራይተንን በርንማውዝን ሸቶታት ምስ ዘውሕዝ ንመጀመርያ ግዜኡ ወርቂ ጫማ ክሽለም'ዩ። ንፓልመር ዝዮዳ ብደሃ ዝመጽእ ካብቲ ዝሓለፈ ዓመት 36 ሸቶታት ብምምዝጋብ ክብረወሰን ዝሰበረ ኤርሊን ሃላንድ እዩ። ሃላንድ ዋላ'ኳ ኣብ ዝሓለፈ 13 ጸወታታት 6 ሸቶታት ጥራይ የመዝገበ፡ ሲቲ ተሪፉዎ ዘሎ ጸወታታት ፍኹስ ዝበለ ብምዃኑ ግን ሪብሓ ክህልዎ ይኽእል'ዩ። ሲቲ ኣንጻር ብራይተን፡ ኖቲንግሃም፡ ዎልቭስ፡ ፉልሃም፡ ቶተንሃምን ዌስትሃምን እዩ ግጥም ዝጽበያ ዘሎ።
ካልእ ሽልማት ብሉጽ ኣመዝጋቢ ሸቶ ክወስድ ዝኽእል ተጻዋታይ ኦሊ ዋትኪንስ እዩ። እዚ ተጻዋታይ ንቕድሚ ምርጫ እታ ጋንታ ዝበረ ዲ ኢንግስ ኮፍ ኣቢሉ 19


ሸቶታት ከመዝግብ ምኽኣሉ ንብሉጽነቱ ዘርእዩ'ዩ። ዋትኪንስ ካብ ቀዳሞት 6 ብሉጻት ኣመዝገብቲ ፕሪመር ሊግ ዝፈልዮ ነገር እንተደኣ ሃልዩ ኮይኑ፡ ብፍጹም ቅላዕ መቕጻዕቲ ሸቶ ዘየመዝገበ ኣጥቃዓይ ምዃኑ'ዩ። እዚ ምስታ ኣብ ሳልሳይ ዲቪዥን ጋንታታት ኩዕሶ እግሪ እንግሊዝ ትውዳደር ዘላ ኤክስተር ሲቲ ዝጀመረ ተጻዋታይ ኣብ ልዕሊ'ቲ 19 ሸቶታቱ 10 ሸቶ ዝኾና ኩዕሶ'ውን ሰሪሑ ኣሎ። ዋቲኪንስ ኣንጻር በርንማውዝ፡ ቸልሲ፡ ብራይተን፡ ሊቨርፑልን ክሪስታል ፓላስን እዩ ጸወታ ተሪፉዎ ዘሎ።
ኣጥቃዓይ ሊቨርፑል መሓመድ ሳላሕ ኣብዚ እዋን ሸቶ ንምምዝጋብ ዝጸገም ዘሎ ኣጥቃዓይ ሊቨርፑል እዩ። እዚ ተጻዋታይ ካብ ዋንጫ ኣፍሪቃ ድሕሪ ምምላሱ ሰለስተ ሸቶታት ጥራይ'ዩ ኣቝጺሩ ዘሎ። ሳላሕ ሊቨርፑል ኣብ ወሳኒ መድረኽ ናይ ፕሪመር ሊግ ተጥፍኦም ብዙሓ ዕድላት ናይ ሸቶ ቀዳማይ ተሓታቲ'ዩ። ካብ ዘለዎ እንተደኣ ተመሓይሹ ኣንጻር ፉልሃም፡ ኤቨርተን፡ ዌስትሃም፡ ቶተንሃም፡ ኣስቶንቪላን ዎልቭስን ሸቶ ብምምዝጋብ ተወዳዳሪ ሽልማት ወርቃዊ ጫማ ክኾውን ተኽእሎ ኣለዎ።
17 ሸቶታት ኣመዝጊቡ ዘሎ ኤርትራዊ ሽወደናዊ ኣሌክሳንደር ኢሳቅ ኣብ 6 ጸወታታት'ዩ 7 ሸቶታት ኣመዝጊቡ ዘሎ። ኒውካስል ኣካይዳኦም ካብ ዘላ 32 ናይ ፕሪመር ሊግ ጸወታታት ኣብ ርብዑ እዚ ተጻዋታይ ብመስበርቲ ክትሰኽፍ ብምኽኣላ ከሰራ'ያ። ኣንጻር ክሪስታል ፓላስ፡ ሸፊልድ፡ በርንለ፡ ብራይተን፡ ማንቸስተር ዩናይትድን




ብረንትፎርድን ዝኾነ ማስበርቲ ከየጋጠሞ ምስ ዝጸወት ኣሌክሳደር ኢሳቅ ፍሉይ ታሪኽ ክሰርሕ ምኽኣሉ ዘማትእ የለን።
ኣብ ቀዳሞት 96 ናይ ፕሪመር ሊግ ጸወታኡ 10 ሸቶታት ጥራይ'ዩ ኣመዝጊቡ ነይሩ። ሎሚ ዓመት ግን ኣብ 32 ጸወታታት 17 ሸቶታት ከመዝግብ በቒዑ ኣሎ - ዶሚኒክ ሶላንኪ። እዚ ንሱ ኣብ ሓደ ዓመት ስፖርት በጺሕዎ ዘሎ ብዙሒ ሸቶታት፡ ኣብ ታሪኽ በርንማውዝ ዝኾነ ተጻዋታይ ኣይበጽሖን። እዚ ተጻዋታይ ዝመጽእ ዓመት ምስ ቀዳሞት ሽዱሽተ ጋንታታት ፕሪመር ሊግ ክጽንበር ልዑል ተኽእሎ ኣለዎ። ንሱ ኣብ ዝመጽእ ግጥማቱ ኣንጻር ኣስቶንቪላ፡ ዎልቭስ፡ ብራይተን፡ ኣርሰናል፡ ብረንትፎርድን ቸልሲን ሸቶ ከመዝግብ'ዩ ክጽዕር።

## ዣቪ ንማእከላይ ዳኛ ይወቅስ

ኣሰልጣኒ ባርሰሎና ስጳኛዊ ዣቪ፡ ጠንቂ ስዕረት ጋንታኡ ሮማንያዊ ማእከላይ ዳኛ ኢስትቫን ኮቫችስ ምዃኑ ይገልጽ ኣሎ። ዣቪ፡ እቲ ማእከላይ ዳኛ ንባርሰሎና ኣብ ሓደ ምሸት ሰለስተ ቀይሕ ካርድ ብምውጻኡ እዩ ዝኸሰሰ ዘሎ። ኣብ ማብል 12 ደቒቕ ናይ'ቲ ግጥም ባርሰሎና ብመንገዲ ራፊና ኣቢላ ሸቶ ብምርካብ፡ ፒኤስጂ ብድምር ወጽኢት ክትመዓራረ ክልተ ሸቶታት'ዩ ዘድልያ ነይሩ። ይኹን'ምበር፡ ኣብ ማብል 29 ደቒቕ ተኸላኻላይ ባርሳ ሮናልድ ኣራጆ ኣብ ልዕሊ ብራድሊ ባርኮላ ብዝፈጸሞ በደል ብቐይሕ ካርድ ብምብራሩ፡ እቲ ምሸት ንረብሓ ፒኤስጂ ተቐይሩ። ንኣራጆ ቀይሕ ካርድ ከም ዘይግበኦ ዝምጉት ዣቪ፡ እቲ ጸወታ በዚ ውሳኔ ከም ዝተቐየረን ማእከላይ ዳኛ - ኑቲ ግጥም ከም ዝቐተሎ'ዩ ዝገልጽ ዘሎ። ማእከላይ ዳኛ ኢስትቫን ኮቫችስ ኣብቲ ግጥም ንዣቪን ኣሰልጣኒ ሓለውቲ ልዳት ባርሳ ሮማን ደ ላ ፉንተን እውን ኣየናሕሰየሎምን። ንውሳኔታቱ ክቃወሙ ኣብ ዝፈተኑ - ብቐጥታ ብቐይሕ ካርድ'ዩ ካብ ሜዳ ኣብሪርዎም። ዣቪ ኣብዚ ዓመት ስፖርት፡ ብሰለስ ምሸት ንሳልሳይ ግዜኡ'ዩ ካብ ሜዳ ዝበረረ ዘሎ። ኣሰልጣኒ ባርሰሎና ካብ ዝኾነ ኣርባዕተ ግዜ ቀይሕ ካርድ ክወጽእ እንከሎ፡ 22 ግዜ ደማ ብጫ ካርድ ተራእይዎ። ዣቪ ድሕሪ'ቲ ግጥም "ዓመት ምሉእ ዝረሃጽናዮ ብጌጋ ውሳኔ ዳኛ ክዝረግ ከሎ ዘሕፍር'ዩ። 11 ተጻወትቲ ባርሳ ኣንጻር 11 ተጻወትቲ ፒኤስጂ እንተተጻወቱ'ዩ ጸቡቕ ነይሩ" ክብል ጋንታኡ ክሳብ ክንደይ ከም ዝተበደለት ኣስተንቲሑ። ኣሰልጣኒ ፒኤስጂ ልዊስ ኤንሪከ ብወገኑ ኣብ ዝተሓተተሉ "ኣራጆ ቀይሕ ካርድ ክወሃቦ ግቡእ'ዩ ነይሩ። እቲ ማሰረታዊ ነገር፡ ንዝተዋህበካ ውሳኔ ተቐቢልካ ብስሉት ዘለዎ ኣካይዳ ምኻድ'ዩ" ክብል ባርሳ ኑቲ ኩነታት ሃዲኡ ናብ ረብሓኣ ክትቅይሮ ከም ዘይከኣለት ኣረዲኡ።
እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ኣራጆ ብቐይሕ ካርድ ካብ ሜዳ ምስ ተባረረ ዘርእዮ ናይ ኢእዳው ምልክት፡ ብዙሓት ወገናት ዝተፈላለየ ርእይቶታት ይህቡሉ ኣለው። ምስ ባህሊ ደቡብ ኣመሪካ ቅርበት ዘለዎም ወገናት፡ እቲ ተወላዲ ኡራጓይ ዝኾነ ተጻዋታይ ዘርእዮ ምልክት "ተዞሚተ ወይ ተሰሪቐ" ዝብል ትርጉም ከም ዘለዎ'ዩ ዝገልጹ ዘለው። በዚ ኮይኑ በዚ፡ ባርሰሎና ብድምር ናይ ክልተ እግሪ ጸወታ 6-4 ተረቲዓ ካብ ግጥም ርብዒ ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ተገሊፋ ኣላ። እዛ ጋንታ ኣብ 2019 እውን ኣብ ሜዳኣ ንሊቨርፑል 3-0 ድሕሪ ምርታዓ ኣብ ኣንፊልድ 4-0 ተሳዒራ ካብቲ ውድድር ከም ዝተኣለየት ኣይርሳዕን። ፒኤስጂ በዚ ናይ ሰሉስ ምሸት ዓወታ፡ ኣብ ግጥም ፍርቂ ፍጻመ ኣንጻር እታ ንኣትሌቲኮ ማድሪድ ብድምር ወጽኢት 5-4 ዝሰዓረት ዶርቱሞንድ ክትራኸብ እያ።



### መደብ ጸወታ

**ግጥም ርብዒ ፍጻመ ዩሮፓ ሊግ**

ሰዓት 10:00 ምሸት

ኣታላንታ ምስ ሊቨርፑል (Agg 3-0)
ማርሴ ምስ በፊካ (Agg 1-2)
ሮማ ምስ ኤሲ ሚላን (Agg 1-0)
ዌስትሃም ምስ ለቨርኩሰን (Agg 0-2)

# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብርሃም

## ኣመሪካን ሕብረት ኤውሮጳን ኣብ ልዕሊ ኢራን ሓድሽ እገዳ ከምዘጽንዓ ይገልጻ



ዝሓለፈ ሰሙን ኢራን ኣብ ልዕሊ ዒላማታት እስራኤል ሚሳይላትን ደሮናትን ድሕሪ ምውንጫፋ፡ ኣመሪካን ሕብረት ኤውሮጳን ኣብ ልዕሊኣ ሓደሽ እገዳታት ከምዝኣውጃ ማዕከናት ዜና ኣቃሊሐን።

ኣመሪካ ኣብ ዝመጽእ ቀረባ መዓልታት ነቲ እገዳ ኣብ ግብሪ ከምእተውዕሎ፡ ጸሓፊት ቤት-ጽሕፈት ግምጃ ኣመሪካ ዝኾነት ጃኔት የለን ክትሕብር እንከላ፡ ሓላፊ ጉዳያት ወጻኢ ኤውሮጳዊ ሕብረት ጆሴፍ ቦረል ብወገኑ፡ ብዛዕባ'ቲ ጉዳይ ይዛረብሉ ከምዘለዉ ገሊጹ።

እስራኤል፡ ኣብ መጀመርያ ናይ'ዚ ወርሒ ኣብ ሶርያ ኣብ ልዕሊ ዝርከብ ህንጻ ቆንስል ኢራን ናይ ደሮን መጥቃዕቲ ድሕሪ ምኽያዱ ኢራን ከም ግብረ-መልሲ ዝሓለፈ ሰንበት ናብ እስራኤል ልዕሊ 300 ሚሳይላትን ደሮናትን ከምዘወንጨፈትን ከምዘሰደደትን ዝዝከር እዩ።

ዒላማታታ ብምህሳእ ከምዘወቐዐት እትሕብር ኢራን፡ ብሕጂ እውን ኣብ ልዕሊኣ ዝፍጸም ዝኾነ መጥቃዕቲ - ብዕጽፊ ክትምልሰሉ ምኳና ተጠንቂቓ።

ካብ'ዚ ብምብጋስ - እቲ ዞባ ናብ ሓዱሽ ኩናት ከየምርሒ ስግኣት ከምዘሎ፡ ጸብጻባት ይጠቕሱ ኣለዉ።

ካብ ኢራን ንዝተወንጨፈ ሚሳይላት - ነቲ ልዕሊ 90 ሚእታዊት ከምዘምከነቶ እትገልጽ እስራኤል፡ ኣብ ሰብ ዝጋጠመ ጉድኣት ከምዘየለ፡ ኣብ'ቶም ዝተደብደቡ ህንጻታት እውን ዝጥቀስ ዕንወት ከምዘይወረደ ትሕብር።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ጥቅምቲ - ኣብ መንጎ እስራኤልን ምንቅስቓስ ሓማስን ዝጀመረ ውግእ፡ ኣብ ሊባኖስ ዒራቕን የመንን ዝርከቡ ብኢራን ዝድገፉ ጉጅለታት እውን ከምእተጸንበርዎ ጸብጻባት የመልክቱ።

እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ኣብ ምዕራባዊ ገማግም ዝቕመጡ እስራኤላውያን፡ ኣብ ልዕሊ ፍልስጤማውያን ብዙሕ ዝተደጋገመ መጥቃዕቲ ዛጊት ቁጽሮም ብንጹር ዘይተፈለጡ ፍልስጤማውያን ከምእተቐትሉ ይሕብር ኣሎ።

እስራኤል ኣብ ልዕሊ ወሽመጥ ቓዛ ብእተካየደ ዘሎ ደብዳብ፡ ኣብ ቓዛ ልዕሊ 33,200 ፍልስጤማውያን ከምዝሞቱ ጸብጻባት ይጠቕሱ።

## ቬንዝወላ፡ ኣብ ኤኳዶር ዝርከብ ቤት-ጽሕፈት ቆንስላ ትዓጹ



ቬንዝወላ፡ ኣብ ኤኳዶር ዝርከብ ክልተ ቆንስላዊ ኣብያተ-ጽሕፈት ከምዝዓጸወት፡ ፕረዚደንት እታ ሃገር ኒኮላስ ማዱሮ ኣፍሊጡ።

ፖሊስ ኤኳዶር ንቤት-ጽሕፈት ቆንስል ሜክሲኮ ኣብ ኤኳዶር ድሕሪ ምውራሮም፡ ቬንዝወላ ቁጠዐኣ ንምግላጽ - ነቲ ስጉምቲ ከምዝወሰደቶ እውን ኣፍሊጡ።

ኤኳዶር ኣህጉራዊ ሕጊ ከምዝጠሓሰት ዝወቐሰ መንግስቲ ሆንዱራስ ብተመሳሳሊ፡ ኣብ'ታ ሃገር ንዝርከብ ኤምባሲ ኤኳዶር ከምዝዓጸወ ገሊጹ ኣሎ።

ምክትል ፕረዚደንት ኣኳዶር-ነበር ጆርጅ ግላስ ብብልሽውና ብምኽሳሱ፡ ንክይእሰር ኣብ ህንጻ ቆንስል ሜክሲኮ ተዓቚቡ ከምዝጸንሐ ዝገለጹ ጸብጻባት፡ ፖሊስ ኤኳዶር ነቲ በዓል ስልጣን-ነበር ንምሓዝ - ነቲ ህንጻ ከምዝወረርዎ እዩ ተገሊጹ።

ንሜክሲኮ ደገፈን ዝገልጻ ዘለዋ ቬንዝወላን ሆንዱራስን፡ ኣብ ዝኾነ ሃገር ዝርከብ ኤምባሲታትን ቆንስላዊ ኣብያተ-ጽሕፈትን ብመሰረት ኣህጉራዊ ሕጊ፡ ብዘይ ዝኾነ ሕጋዊ ፍቓድ ክድፈር ከምዘይግባእ የገንዝባ።

ፖሊስ ኤኳዶር፡ ብዘይ ፍቓድ ናብ ቆንስላዊ ቤት-ጽሕፈት ሜክሲኮ ምእታው ገበን ምኻኑ ደማ ይኸስሱ።

## ኣብ ኢንዶነዥያ ነትጒ እሳተ-ጎመራ ተኸሲቱ



ኣብ ደሴት ታገላንዳንግ-ኢንዶነዥያ፡ እሳተ-ጎመራ 'ሩዋንግ' ክኹንግ ከምዝጀመረ ተሓቢሩ።

በቲ ካብ ዝሓለፈ ሰለስ ኣትሒዙ ንኣልሰይ ግዜኡ ዝኹንግ ዘሎ እሳተ-ጎመራ፡ ኣስታት 1.8 ኪ.ሜ ዝበራኸኡ ርሱን ትኪን ሓሙኽሽትን ናብ ሰማይ ከምዝዀረገ ናይ ዓይኒ መሰኻኽር ገሊጾም።

ብሰንኪ'ቲ ባህርያዊ ሓደጋ ኣብ'ቲ ከባቢ ዝነብሩ ልዕሊ 800 ሰባት ካብ'ቲ ከባቢ ብቕልጡፍ ከምዝግዕዙ ከምእተገብረ፡ ሰብመዚ ምክትታል ባህርያዊ ሓደጋታት ኢንዶነዥያ ሓቢሮም።

ዛጊት ኣብ ሰብ ዝወረደ ግድኣት ከምዘየለ ዝሓብሩ እቶም ሰብመዚ ብዘውሳኸ፡ ኣብ ዝመጽእ ቀረባ መዓልታት ግን - ኣብ ጥቓኡ ዝርከብ ከባቢታት ብርሱን ትኪን ሓሙኽሽትን ክጥቃዕ ከምዝኽእል ኣጠንቂቖም።

እቲ እሳተ-ጎመራ ኣብ ዝትንጎሉ ከባቢ ሱናሚ ከየስዕብ እውን ነበርቲ እቲ ከባቢ ጥንቃቐ ክገብሩ ተሓቢሮም ኣሎ።

እቲ ባህርያዊ ሓደጋ ከም ሳዕቤን ናይ'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ መዓልታት ኣብ'ታ ደሴታዊት ሃገር ዝጋጠመ ሓደጋ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ከምዝኾነ እዩ ተገሊጹ።

'ሩዋንግ' ኣብ ደሴት ታገላንዳንግ ናይ ኢንዶነዥያ ዝርከብ ዝወሓለ ጎቦ ኮይኑ፡ ካብ ጽፍሒ ባሕሪ ኣስታት 725 ሜትሮ ቑመት ኣለዎ።

ኣስታት 270 ሚልዮን ህዝቢ ዘለዋ ኢንዶነዥያ፡ ብሰንኪ ዘለዋ ጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣ፡ ሓንቲ ካብ'ተን ቀዳሞት ንሓደጋ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ዝተቓልዓ ሃገራ ምኻና ጸብጻባት የረድኡ።

## ኣብ ፓኪስታንን ኣፍጋኒስታንን ብዕልቕልቕ 120 ሰባት ሞይቶም



ኣብ ፓኪስታንን ኣፍጋኒስታንን፡ ብርቱዕ ዝናብ ብዘስዓቦ ሓደጋታት ዕልቕልቕ፡ ብውሕዱ 120 ሰባት ከምዝሞቱ ተቓሊሑ።

በቲ ሓደጋ፡ ኣብ ፓኪስታን ብውሕዱ 50 ሰባት ከምዝሞቱ ዝሓብሩ ሰብመዚ'ታ ሃገር፡ ህጹጽ ናይ እዋን ሓደጋ ድንጋገ ከምዝኣወጁ ገሊጾም።

ኣብ ኣፍጋኒስታን ብተመሳሳሊ፡ ንሰለስተ መዓልታት ብዝቐጸለ ብርቱዕ ዝናብን ንሱ ዘስዓቦ ሓደጋታት ዕልቕልቕን፡ ብውሕዱ 70 ሰባት ከምዝሞቱ ተሓቢሩ።

ካልኦት ብዙሓት ሰባት ደሃዮም ጠፊኡ ብምህላዉ፡ እውን ቁጽሪ ምውታት ክዛይድ ከምዝኽእል ስግኣት ኣሎ።

ብሰንኪ'ቲ ብርቱዕ ዝናብ፡ ኣብ ምብራቓውን ሰሜናዊ ምዕራብን ፓኪስታን፡ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ኣባይቲ ከምዝፈረሱ ተፈሊጡ።

ኣብ ዝቕጽል መዓልታት'ውን ኣብ መላእ ኣፍጋኒስታንን ፓኪስታንን፡ ብርቱዕ ዝናብ ክኽሰት ከምዝኽእል ዝጠቕሱ ክኢላታት ሜትሮሎጂ ክልቲኤን ሃገራት፡ ህዝቢ ጥንቃቐታቱ ከሐይል ኣተሓሳሲቦም።

ኣብ 2022 ኣብ ፓኪስታን ብዘጋጠመ ተመሳሳሊ ሓደጋ፡ 1,739 ሰባት ክሞቱ እንከለዉ፡ ኣስታት 33 ሚልዮን ብኣሉታ ብኣሉታ ከምእተጸልዉ ይግለጽ።

ኣብ ሰሜን ክፋል ሕቡራት ኢማራት ዓረብ እውን፡ ሓደጋታት ዕልቕልቕን ህቡባዊ ማዕበልን ሰብዊን ንዋታዊን ግድኣት ከምዘውረደ ማዕከናት ዜና ዓለም ኣቃሊሐን።

ብተመሳሳሊ፡ ኣብ ምንን 18 ሰባት ከምዝሞቱ ኣብ ዱባይ ደማ - ኣብ ትሕተ ቅርጺ ዕንወት ከምዘውረደን ብርኽት ዝሉ በረራታት ከምእተሰናኸሉን ይሕብር ኣሎ።

## ሴራልዮን - ብሰንኪ ጥዕናኡ ዘይተረጋገጸ መድሃኒት ናይ ህጹጽ እዋን ተኣዊጁ



ኣብ ሴራልዮን፡ ጥዕናኡ ብዘይተረጋገጸ 'ኩሽ' ዝተሰምየ መድሃኒት ብዙሓት ሰባት ድሕሪ ምማቶም፡ ኣብ'ታ ሃገር ህጹጽ ናይ ሓደጋ እዋን ተኣዊጁ።

በዚ - ዋጋኡ ኣዝዩ ሕሱር፡ ዝጠዘለ ትሕዝቶኡ 'ማሪዋና' ተባሂሉ ብዝጽዋዕ ዕጹ-ፋርስ ዝቖመ መድሃኒት እዚ፡ ዛጊት ቁጽሮም ብንጹር ዘይተፈልጡ ሰባት ከምዝሞቱን ናይ ሓንጎል ጸገማት ዘስዓበሎም ሓያሎ ከምዘለዉን ክኢላታት ይሕብሩ።

እዚ ቅድሚ ኣርባዕተ ዓመታት ናብ ሴራልዮን ዝኣተወ መድሃኒት፡ ኣብ ክሊ ዕድመ 18-25 ዝርከቡ መንእሰያት ብብዝሒ ከምዝጥቀምሉ ዝሓብሩ ሰብሞያ ጥዕና ሴራልዮን፡ ተጠቀምቲ - ምስ ተረርቲ መናድቕ ክጋጨዉ፡ ኣብ ጉዕዞ እንከለዉ ክድቅሱ ከም'ኡ'ውን ጸዕቂ መኪይን ኣብ ዘለዎ ጽርግያታት ጠጠዉ ክኣትዉ ከምዝረኣዩ ገሊጾም።

እቲ መድሃኒት ንኣዕጽምቲ ወዲ-ሰብ ብቐዳምነት ዘጥቅዕ ብምዃኑ፡ እቶም መንእሰያት ኣደዳ ሞትን ሞቕሰልትን ክኾኑ ይረኣዩ ከምዘለዉ፡ ዝጠቐሰ እቲ ሓበሬታ፡ እቲ መድሃኒት ነታ ሃገር ኣብ ሓደጋ ኣእትዩዋ ከምዘሎ ኣረዲኡ።

እዚ ብዝበኽታት ተቓሚሙ ዘሎ መድሃኒት፡ ብዶንትሮባንድ ናብ ጊኒን ላይቤርያን እውን ክኣቱ ጀሚሩ ከምዘሎ እዮም ጸብጻባት ዘመልክቱ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ሂወት | 18/04/2024 | ጎደና ብድሆ፡ ከባቢ ሽዱ (ጥቓ ኢንሹራንስ ነበር) | 123355 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ    ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services